# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.266 ረቡዕ 8 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3 የሃና ምልምላት ሳዋ!


ገጽ 4 ሕድሪ


ገጽ 5 ቀያሕቲ ዕንባባ መን'ዮም፧


ገጽ 9 ጽፈት ስራሕ


ገጽ 11 ኣኽርያንኩባንያ ህንጻ ሳዋን ናብ ፍጻመ በጺሑን

## ምምሕዳር ሰ/ቀ/ባሕሪ - መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ ኣካይዱ





ምሕያል ውዳበታት ብሓፈሻ ናይ መንእሰያት ድማ ብፍሉይ፡ ኣብ ምዕዛዝ ኩለንትናዊ ገስጋስ ልምዓት ሓያል ድርኺት ከምዝፈጥር፡ ሚኒስተር ዞባዊ ምምሕዳራት ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ኣብ ባጽዕ ኣብ ዝተቓነዐ ኣኼባ ገሊጹ።

ብ4ን 5ን ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ መንፈቓዊ ገምጋም ምምሕዳር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተረኽበ ሚኒስተር ዓብደላ፡ ብኡብርታት ህዝባዊ ግንባርን ሕብረተሰብምን ዝተኸሰከሱ ብቑዓት መንእሰያት ንምምልማል ወሁድ ጻዕሪ ዘድልዮ ሃገራዊ ዕማም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ባይታ ዝርአ ዘሎ ወጽኢት ተሰፋ ዝህብ ስለዝኾነ ብዝሓየለ ክድፋኣሉ ከምዝግባእ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣኼቡ ኣብ ዝሓለፈ ሸዱሽተ ኣዋርሕ ኣብ መዳይ ሕርሻ፡ ቀረብ ማይ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ከምኡ'ውን ብጨናፍር ሚኒስትሪታት፡ ማሕበራትን ካልኦትን ናይ ዝተሰላሰለ ንጥፈታት - ምስናይ ብልጫታቱን ድኻማቱን ዝገልጽ ጸብጻባት ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ገለ ከባቢታት ዘሎ ሕጽረት ቀረብ ማይ ዕቑብ ቁላሕታ ክወሃበሉ፣ ተርእዮ ብርሰት ኣግራብ ንምግታእ ተተካኢ ጸዓት ብሰፍሓት ክተኣታቶ፣ ኣብ መስርሕ ህንጸት ዝርከብ ትካላት ትምህርቲ ክቀላጠፉ፣ ከምኡ'ውን ዝኣረጋ ትካላት ጥዕናን ትምህርትን ዝጽገናሉ ባይታ ክፍጠር፡ ዝብልን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ክብሮም ዓንደሚካኤል ኣብ ዘስሞ መዛዘሚ ቃል፡ ዛጊት ተሰላሲሉ ዘሎ ዕማማት ብእወታ ዝግምገም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብልጫታት ተዓቂቡ ኣብ መስርሕ ዘጋጠም ብድሆታት ኣሊሊኻ ንምእራም ብኣጋ ዘወሰድ ስጉምቲ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣዘኪሩ።

## መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ ኣብ ካናዳ ተጸንቢሉ

ወርቃዊ እዮቤልዩ - ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት-ትምህርቲ ሰውራ፡ "ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር" ብዝብል ቴማ፡ ብ3ን 4ን ሓምለ ኣብ ቶሮንቶ - ካናዳ ብልዑል ድምቀት ተጸንቢሉ።

ጠቕላሊ ቈንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ካናዳ ኣቶ ኣዩብ ዓብደልዓሊም ኣብ ዘስሮ ቃል፡ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ - ኣካዳሚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሃገራዊ ንቕሓትን ጅግንነትን፡ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን፡ ከምኡ'ውን ሓላፍነታዊ ባህርያት ዝሸሰኹሉላን ዝምዕበሉላን መኣዲ ምትኽኻእ ወለዶታት ከምዝነበረት ብምጥቃስ፡ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ በዛ ቤት-ትምህርቲ ዝሓለፉ "የሃና" ኢሉ።

እቲ መደብ፡ ምብራህ ሽምዓ ንኹሎም ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ንዝወደቑ ሰማእታት፣ ንጉዕዞ ታሪኽ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢትን መብርሂን፡ ከምኡ'ውን ባህላዊ መሰናድኦ ዘጠቓለለ ነይሩ።

ጉዳም መምህር ቤት-ትምህርቲ ሰውራ - ደራስን ተመራማሪ ታሪኽን ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ ድማ፡ ንጉዕዞን መድረኻትን ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ዝምልከት መግለጺ፡ ካብ ከተማ ኣስመራ ብማዛ ሂቡ።

ኣቦ-መንበር ኣወሃሃዲ ሽማግለ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ካናዳ ኣቶ ወልዱ ፍትዊ፡ ንኣበርክቶ ውዳበታትን ህዝብን ከተማ ቶሮንቶ ከምኡ'ውን ነቲ በዓል ንምድማቕ ካብ ኩለን ዞባታት ካናዳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ንዝመጽኡን ነቲ በዓል ክዉን ንምግባር ንዝጸዓሩን ኣመስጊኑ።

ንተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ወኪላ ቃል ዘስመዐት ወ/ሮ ኣዜብ ሰሎሞን ብወገና፡ ንታሪኽ ቤት-ትምህርቲ ሰውራን ህዝባዊ ግንባር ንትምህርቲ ዝሃቦ ዝፍ ራኢን ዕላማን ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪባ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ጉጅለ ቀያሕቲ ዕንባባ ከተማ ኺችነር፡ ብምስሊ ጉጅለ ባህሊ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ነበር፡ ሰውራዊ መዛሙርን ደርፍታትን ከቕርብ ከሎ፡ ወከልቲ ማሕበራትም፡ ሃማደኤን ህግደፍን ድማ ናይ የሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።








## ፖሊስ ኤርትራ፡ ብኣተሓሕዛ መዝገብ ዘሰልጠኖም ኣባላቱ ኣመሪቑ

ፖሊስ ኤርትራ፡ ንኣስታት ወርሕን ክልተ ሰሙንን ኣብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ደቀምሓረ ብኣተሓሕዛ መዝገብ ዘሰልጠኖም፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ካብ ዝርከባ መደበራት ዝተዋጽኡ 24 ኣባላት፡ ብ2 ሓምለ ኣመሪቑ።

ኣብ'ቲ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ፖሊሳዊ ትምህርቲ ሜጀር ዓንደም መሓሪ ኣብ ዘስሮ ሓበሬታ፡ ስልጠንቲ ኣብ ኣተሓሕዛ መዝገብ፡ ፖሊስ፡ ንጥፈታት መደበር ፖሊስ፡ ስነ-ምግባር፡ ሕጊ፡ ህዝባዊ ርክባት፡ ዜግነታዊ ትምህርቲ፡ ሓለዋን ካልእን ዘጠቓለለ ትምህርቲ፡ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ከምዝቐሰሙ ኣረዲኡ።

ሜጀር ዓንደም ብዝወሰኾ፡ ናይ መዝገብ ስራሕ - ገበን ንምክልኻልን ንምምርማርን ከም መበገሲ ዝውሰድ ዕማም ስለዝኾነ፡ ኣብ'ዚ ዝዋፈሩ ሰብ ዝቕበልዎን ዝምዝግብዎን ሓበሬታ ምልኣት ዘለዎ ክኸውን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ስልጠንቲ፡ ካብ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ብርጋዴር ጀነራል ኣደም ኮሳይን ካልኦትን ወረቐት ምስክርን ሽልማትን ተቐቢሎም።

## ዜና

# ምምሕዳር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ ኣካየዱ

ምምሕዳር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣፋምቦ ድማ 8 ...

ምምሕዳር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዄኒ ትግባረ ቁጠባውን ማሕበራውን መደባት ስራሕ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ዝገምገመ ርክብ፡ ብ4 ሓምለ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣካየዱ።

ኣብ’ቲ ኣኼባ፡ ኣብ መዳያት ስታትስቲክስን ስርዓት ጂኦግራፊያዊ ሓበሬታን፣ ምስፋሕን ምውሓስን ቀረብ ማይ ሓወሲ ከተማ ዕዲን ከተማ ዓሰብን፣ ህንጻውን ሕርሻውን ልምዓት፣ ምስራሕን ምጽጋንን ዛላታት፣ ኣገልግሎት ትምህርትን ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮን፣ ከምኡ’ውን ሽፋን ኣገልግሎት ጥዕናን ሕማም ዓሶ ንምክልኻልን ንምቍጽጻርን ዝተኻየደ ጻዕርን ብሰፊሑ ቀሪቡን ብደቂቕ ተገምጊሙን።

ብመሰረት ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ 10 ዓድታት 8 መዋእለ-ህጻናት፡ 2 ናይ መጀመርታን 2 ናይ ማእከላይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርትን መንበሪ መምህራንን፣ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣፋምቦ ድማ 8 ተወሰኽቲ ክፍልታት ተሃኒጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ መደበር ፊልሲ ኣቦ ዝተፈላለዩ ኣሕምልትን ፍረታትን ከምኡ’ውን ተምርን ዓርከብይን ከምዝፈለሰ፣ ኣብ 5 ሄክታር ዝዘርአ ምቁር ድንሽ 334 ሓረስቶት ከምእተዓደለ፣ ኣብ 500 ሄክታር ድማ 200 ኪሎሜተር ዛላታት ከምእተሰርሐን ከምእተጸገነን ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንመሰርሕ ትግባረ ዝወጸ ውጥን ስራሕ ብመጽር ዝበረ ናይ ግዜ መቓን ድሕሪ ምምስጋን፡ ኣብ ካልኣይ መንፈቕ ንዝትግበር መደባት ብዝበለጸ ወህደትን ጽፈትን ንምዕማም ዕቱብ ክሕይል ኣዘኻኺሩ።




# ጊንዳዕ - ኣብ ሕጊ ዕዮ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ኣብ ሕጊ ዕዮ ዘተኰረ ኣስተምህሮ፡ ብ2 ሓምለ ንደቂኣንስትዮ ብቐንዱ ድማ ንሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ ወዲቡ።

ኣብ’ቲ ኣስተምህሮ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ቍጽሪ 118/2001፡ ኣብ ሕጊ ዕዮን ዓያይነትን፡ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቦታ ስራሕ፡ ጕዳያት ሕርስን ጥንስን፡ ደሞዝን መሰላትን፡ ዓመታውን ሰሙናውን ዕረፍቲ፡ ከምኡ’ውን ምስኡ ዝተሓሓዝ ጕዳያት ብዝምልከት፡ ኣብ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ተቖጻጻሪ ዓያይነት ኣቶ ያሲን መሓመድ መብርሂ ሂቡ።

ዕላማ ናይ’ቲ ኣስተምህሮ፡ ኣፍልጦን ርድኢትን ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምብራኽ ምዃኑ ዝሓበረ ዳኛ ቀዳማይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዮ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ዳዊት ወልደንጉስ፡ ንቤት-ፍርዲ ዕዮን ንጥፈታቱን ዝምልከት መግለጺ ኣቕሪቡ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ኢብራሂም ዑመር ብወገኑ፡ ባህሊ ቈጣዒት ንምስራጽን ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድን ክካየድ ዝጸንሐ ጎስጓሳት፡ ብዝሓየለ መልክዑ ከምዝድፋኣሉ ኣረጋጊጹ።

# ዓንሰባ - ደግሲ ሕማም ዓሶ ንምግታእ ይስራሕ ከምዘሎ ተገሊጹ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ደግሲ ኣብ ደረጃ እልየት ዝበጽሐ ሕማም ዓሶ ንምግታእ፡ ወህደት ትካላት ጥዕናን መሻርኽቲ ኣካላትን ክሕይል፣ ከምኡ’ውን ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ዘበርኽ ንጥፈታት ክድፋኣሉ፡ ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ኣሃዱ ምክልኻልን ምቍጽጻርን ሕማም ዓሶ ኣቶ ኪሮስ ሰረቕ ጸዊዖ።

መጠን መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ኣብ’ዚ እዋን 8 ካብ 1000 ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ነዚ ናብ ባዶ ንምውራድ፡ ብደረጃ ምምሕዳራትን ትካላት ጥዕናን ዝተወደበ ወፈራታት ጽሬት ኣከባብን ጎስጓሳትን ከምዝካየድ ኣብሪሁ።

ኣብ ዓሳዊ ከባቢታት ንዝነብር ህዝቢ፡ ብደረጃ ስድራቤት ንሰለስተ ዓመታት ዘገልግል ዝተሰበከ ናሙሲያ ከምእተዓደለ፣ ብፍሉይ ንናፍሰ-ጾራት ድማ እቲ ዕደላ ቀጻሊ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣቶ ኪሮስ ወሲኹ፡ ኣብ እዋን ክራማት መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ንኸየጋጥም፣ እንተጋጠመ ድማ ብኣግኡ ንምክልኻሉን ንምቍጽጻሩን ምእንቲ ክከኣል፡ ኩለን ትካላት ጥዕና ዘድሊ ቅድመ-ምድላዋት ገይረን ምህላወን ብምሕባር፣ ካብ ሰነ ክሳብ ታሕሳስ ዘሎ ኣዋርሕ ጣንጡ ዝራብሓሉ ምቹእ ወቕቲ ብምዃኑ ዕቱብ ምክትታልን፡ ኣብ ዓሳዊ ከባቢታት ንዝነብር ህዝቢ ድማ ንጎልሳይ ግዜ ናሙሲያ ንምዕዳል ምቅርራብትን ይግበር ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብ ሃገርና፡ ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ሰለስተ ዓይነታት ጣንጡ ከምዘለዋ፡ ዛጊት ዝተኻየደ መጽናዕቲ የነጽር።

# ዲላበርዕድ - ወፈራ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዲላበርዕድ፡ ነበርቲ ተወዲቦም ሰፊሕ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን የሰላስሉ ኣለዉ።

እቲ ካብ ወርሒ ለካቲት ጀሚሩ ብክኢላታት ሕርሻ እናተመርሐ ዝሰላሰል ዘሎ ወፈራታት፡ ግራውቲ ሓረስቶት ብምዝላይን ማይ-ክዖታት ብምፍዋስን እቶትን እቶታውነትን ንምብራኽ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ኣመሓዳሪት ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ዓሻ ዓሊ-ኑር ገሊጻ።

ማዕረ-ማዕረ’ቲ ንጥፈታት፡ ናይ ምግራብ መደባት ንምስልሳል ምድላዋት ተገይሩ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ንተሳታፍነት ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ መጕሳ።

ክኢላታት ሕርሻ - ኢንጅነር ሰገን ዘካርያስን መንእሰይ ሽፋ መሓመድዓሊን ብወገኖም፡ እቲ ዕዉት ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ መርኣያ ናይ’ቲ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን እናሰረጸ ዝመጸ ርድኢት ከምዝኾነ ሓቢሮም።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቁ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284


# ገልዓሎ - ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓት ንምዕዛዝ ተዘትዩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ተራን ተሳትፎን ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓት ንምዕዛዝ ክሰርሕ፡ ኣመሓዳሪ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማሕሙድ ኢብራሂም ምስ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስቲ፡ ኣባላት ባይቶን ወከልቲ ህዝብን ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ብብጾዋ ዝሰላሰል ዘሎ ኩሉመዳያዊ ንጥፈታት ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቢ እወታዊ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ማሕሙድ፡ ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ዝምዝገብ ዄኒ ሰለዘየሉ፡ ምሕያል ኮማዊ ውዳቤታት ኣብ ምዕዋት ዝተወጠነ መደባት ልምዓት ኣገዳሲ ብምዃኑ ክድፋኣሉ ጸዊዑ።

ምብራኽ ንቕሓት መሰረት ናይ ኩሉ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ትሑት ተሳታፍነት ደቂኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ንምብራኽ ምስራሕ፡ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ብሓፈሻ፡ ብቐንዱ ድማ ናይ ኣመሓደርቲ ከባቢ ከምዝኾነ፡ ኣቶ ማሕሙድ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኩነታት ቀረብ ማይ ዘላቒ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ዝኣረገ ህንጻታት ጥዕናን ትምህርትን ቅልጡፍ ጽገና ክግበረሉ፣ ከምኡ’ውን ኩነታት ጽርግያን መራኸቢታትን ቁላሕታ ክወሃቦ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# ኣፍዓበት - ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ተቓጺሉ

ኣብ ኣፍዓበት፡ ኣብ ትካላት ንግድን ወሃብቲ ኣገልግሎትን ብዝተኻየደ ስሩዕ ናይ ምቍጽጻር ንጥፈታት ዝተረኽበ ናይ ተጠቃምነት ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ተቓጺሉ።

እቲ 33 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ዕሹግ መግብታት ዘጠቓልል ንብረት፡ ኣባላት ምምሕዳር ከተማን ፖሊስን ኣብ ዝተረኽበሉ’ዩ ናይ ምቅጻል ስጕምቲ ተወሲዱ።

እቲ ናይ ምቍጽጻር መደብ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ከምዝካየድ ዝሓበረት ሓላፊት ሕግን ስርዓትን ከተማ ኣፍዓበት ወ/ሮ ኣምና ማሕሙድ፡ ነጋዶ ሳዕቤናት ዕለቱ ዝወደቐ ሃለኽቲ ተረዲኦም ንዝኾብርዎ ነፍሰ-ምቍጽጻር መጕሳ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ቴራብ |
| 14:20 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:45 | ፍረ ጻዕሪ |
| 15:20 | ህርመት |
| 16:25 | ኤረና |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ኮለጅ ዋኒን ማሕበራዊ ስነ ፍልጠትን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ርእይቶ

ዊንታና ንርኣዩ

## የሃና ምልምላት ሳዋ!





ዘለናዮ ወቕቲ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ንክረምታዊ ዕረፍቲ ዝዕጸዋሉ፡ ኩለኛትን ኣብያተ ትምህርቲ ሰኑ-ኪኑትን ትምህርቶም ዝወድኡ ዘመርቓሉ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ዝዛዘሙ ናብታ ማእከል ኩለንተናዊ ህንጸት መንእሰያት ዝኾነት ሳዋ ዝብገሱሉ፣ እዛ ሓበን ሃገር ትኻል ሳዋ፡ ሎሚ እውን ከም ወትሩ፡ ኑቶም ኣብ መበል 38 ዙርያ ዝመልመሉቶም መንእሰያት እተመርቐሉ ቅንያት እዩ።

ሃገር ቀንዲ ጺጋኣ ዓቕሚ ሰብ'ዩ። ምንጪ ኩሉ ካልእ ጺጋታት ሰብ ስለዝኾነ። ካብኡ ናብኡ ድማ፡ እቲ መንእሰይ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ክንዲ ዝኾነ፡ ምምልማል ብቑዕ መንእሰይ፡ ቀዳምነት ዝስራዕ ሃገራዊ ዕማም እዩ። ስለዚ ድማ እያ፡ ኤርትራ፡ ኩለንተናዊ ብቕዓት መንእሰያታ ኣዕሪጋ ኣብ ጉዜእ ብቕዓታ ንምምርኳስ ሓያል ጻዕርን ግዚፍ ወፍሪን ኣብ ምፍሳስ ትርከብ።

ነዚ ዓቢይ ሃገራዊ ዕማም'ዚ እተሰላስል ዘላ ሳዋ፡ ኣብ 38 ዙርያታት ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት መልሚላ ንልምዓት ሃገር ከተሰልፍ ምብቅዓ፡ መርኣያ ናይቲ ብቑዕ መንእሰይ ንምህናጽ ዝተኻየደ ዕውት ስራሕ እዩ። ውዳበን ጥምረትን ከኣ እቲ ካልእ ንዓቕሚ ሰብ ብዕጽፍታት ዘራብሕ ረቛሒ ኮይኑ፡ ምንጪ ሓይልን ቀንዲ ምስጢር ምዕባለን ብልጽግናን እዩ። እቲ ኣብ ሳዋ ዝካየድ፡ ኣካዳምያዊ፡ ወተሃደራውን ካልእን ንጥፈታት፡ ሓደ መርኣያ ናይዚ ሓያል ውዳበን ጥምረትን ኤርትራውያን መንእሰያት ንምፍጣር ክካየድ ዝጸንሐ ጻዕርታት እዩ። ኣብ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲና፡ ውዳበን ጥምረትን መንእሰይ ዝፈጠሮ ተኣምር፡ ብጉዞበ ርኢናዮ ኢና። ናይ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራዊ መንእሰይ ድማ፡ ነዚ ገድላዊ ውርሻ'ዚ ተኸቲሉ፡ ሓያል ውዳብ ብምፍጣር፡ ዝተፈላለየ ስወርን ግሁድን ተጻብኦታት እናመከተ ዓበይቲ ልምዓታዊ ቅያታት እናፈጸመ፡ ብቑዕ ወራሲ ምዃኑ ብጉዙበ የመስክር ኣሎ።

ሕብረተሰብ ዝዘርኦ እዩ ዝዓጽድ። ብርግጽ ድማ፡ ብቑዕን ዝተወደበን መንእሰይ ንምፍጣር ክትግበር ዝጸንሐ ሃገራዊ መደብ፡ ንኤርትራ ኣደ ኣእላፍ ንቑሓትን ምልሙላትን መንእሰያት ክትከውን ኣብቂዑዋ ኣሎ። መንእሰይ ኤርትራ፡ ብሉጽ ክብርታት ሕብረተሰቡ ወሪሱ፡ ራእይ ህዝቢን ሃገርን ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ብጥምረት ዝሰርሕ ዘሎ ወፋይን ሃገራዊን መንእሰይ እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝርጋን መንእሰያት ምሕር ኣሻቓሊ ኮይኑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኤርትራ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ፡ ድርብ ሓላፍነት ማለት ዕማማት ምኽባር ልኡላውነትን ፖለቲካዊን ልምዓታዊን ህንጸት ሃገርን ተሰኪሞም፡ ረብሓ ሃገር ብምቕዳም፡ ኖሪ ታሪኽ ኣብ ምስራሕ ዝርከቡ መንእሰያት ምርካብ እምበኣር ኣዝዩ ዘሐብን እዩ።

የግዳስ፡ እዚ ኤርትራ ብጸዕሪ፡ ብዘይ ዝኾነ ግዳማዊ ሓገዝ ዝኸሰከሰቶ ጺጋ'ዚ፡ ኣብ ታሪኻውያን ተጻብኦቲ ዕቡድ ቅንኢን ሕሳደን ምፍጣሩ ኣይተረፈን። ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ድማ እዩ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ስም ሃገርን መሬሕነትን ኤርትራ ንምድዋን ኣብ ዝካየድ መናፍሕ፡ ቀንዲ ኣርእስቲ ዘሙት ምስይጣን ኮይኑ ክስርሓሉ ዝጸንሐ። ብኡ እውን ኣየብቅዐን። ንቕሓትን ሃገራውነትን ኤርትራዊ መንእሰይ ንምጉዳም፡ ህዝብን ሃገርን ብግዚፍ ወፍሪ ዝመልመልዎ መንእሰይ ንምፍላስ፡ እልቢ ዘይብሉ ሽርሒታት ክእለምን መጠነ ሰፊሕ ስነኣእምሮኣዊ ኩናት ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን።

እዚ ተጻብኦታት'ዚ፡ ሃሲያ ኣየውረደን እኳ እንተዘይተባህለ እቲ ክውቕዮ ዝሓለነ ዕላማ ግን ኣይወቐዐን። ብኣሱዒ ዘሙተታት ተታሊሉ፡ ምድረ-ጉት ዝሃረፈ እኳ እንተዘይተሳእኑ ኑቲ ዝሓለሞ መሬት፡ ብጉዙበ ምስረኣዩ፡ ሽርሒ ተጻባኢቲ ቀልጢፉ ነቒሕሉስ መሳርሒኦም ክኸውን ኣይመረጸን። ኣብቲ ቅኑዕ መስመር ተመሊሱ፡ ግቡኡ ዘበርክት ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ ድማ፡ እቲ ዝበዝሐ እዩ። መንእሰይ ኤርትራ እምበኣር፡ ከቢድ ተጻብኦታት ፈንጢሱ ብምውጻኡ ኑቲ ቀንዲ መርሓ ምዕባለን ብልጽግናን ዝኾነ ብቕዓትን ውዳበን ጨቢጡ፡ መድረኻዊ ተልእኾ ንምፍጻም፡ ብዕዉት መኣዝን ዝምርሽ ዘሎ መንእሰይ እዩ። ሞጎስ ኑቲ ወናኒ ብሉጽ ክብርታት፡ ኩርዓት ህዝቡን ሃገሩን ኤርትራዊ መንእሰይ! የሃና ንተመረቕቲ 38 ዙርያ!

---

ግርማይ ወልደግዮርጊስ ( መንከኒዮ)

## ሽዳ-ወዲ ኣስገደ ኣብነት ናይቲ ካልእ መስዋእቲ

> እዛ ጽሕፍቲ'ዚኣ ኣብ ናይ ትማሊ ሕታም ወጺኣ ነይራ። እንተኾነ ገለ ግድፈታት ስለዝነበራ ኣረምና ነቕርባ ኣለና።

ፍስሃየ ኣስገደ (ወዲ ኣስገደ) ኣብ 1975 ዓ.ም ካብ ዓዲ ንፋስ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር'ዩ። ኣብ ብርጌድ 44 (ድሓር ክ/ሰ 70) በጠሎኒ 03/ 1ይ ሓይሊ እዩ ነይሩ። ህዝባዊ ግንባር ክሳብ'ቲ ዳሕራይ ብዕጥቅን ስንቅን ዝተማሓየሸሉ እዋን፡ ዕርቃን ይኹን እርጋን ጫሙ ዘይጋገም ወህብ ኩነታት ተጋዳላይ እዩ ዝነበረ። ከም መፍትሒ ተባሂሉ ድማ፡ ኣብ ጥሪ 1979 "ቻይና" ብዝብል ሲያመ እንጽውዖን ሓይስቲ ሹዳ (ኮንጎ) መጺኣን ኩልና ተዓደልና።

ወደ'ስገደ- ከም ውልቃዊ ባህሊ ወይ ዲስፕሊን ንዝኾኑት ዝተዋህቡዮ ሓዳስ ሹዱ ካቡቲ ዝድርብ ወይ ዝቕዩር ኮንጎ ቀዲዱ፡ ፈለማ ብኽብዲ እግሪ የልግቦ፡ ቀጺሉ'ውን ካልእ ኣካሊታ ይሊጋግቦ - ኮታ ከምዛ ሓደ ኩሉ ሰብኡ ንፕርጣር ቦምባ ዝወግኦ'ሞ ብኻሸ ምስ ተሸፈነ ገጹ ዘይርኣ ውጉእ (ህሩም) ዝዓይኑ ማለት'ዩ።

ስለዚ፡ ነዛ ኣብ 1979 ዓ.ም ዝተዋህበ ሹዳ'ውን ካቡቲ ዝቖየሮ ወይ ዝደርበዮ ኮንጎ ብላማ ቀራሪጹ፡ ሶኺ (ሓጺን) ኣርሲኑ ብዘዮናን ኩቡዳን ብምሉኣ ሊጋገባ። "እቲ ንኸልና ዝገርመናን ሕቶ ዘልዕለልናን ዝነበረ ጉዳይ" ይብል - ሽዑ ኣባል ሕክምና ብርጌድ ዝነበረ ሎሚ ኣባል ማእከላይ ሕክምና ዘሎ የማነ ጺጋይ "ሻፍለ"

"ርዝነት ናይቲ ጫማ ርኢኻ - ምስቲ ኹሉ ዝነበረ ኣሰልን ታሕትን ኣይከበዶን ደዩ ዝብል ሕቶ'ዩ ነይሩ። እሞ ኸኣ ብርጌድ 44 (ክ/ሰ 70) ካብ 1978 መወዳእታ ክሳብ 1980 ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ኣብ ቀጻሊ ናይ ደባይ ምንቅስቓስ ዝተጸምደ፡ ነዛ ብርኩ ዒጺፉ ከዕርፍ ዘይክእል ኣሃዱ ምንባሩ ኣዝሚደካ።

እዛ መብቆላዊ ቅርጻን ትሕዝቶኣን ሃሰስ ኢልካ ዘይትረኽቦ ምሉእ ብምሉእ ብምልጊጋብ ናብ ቅርጺ ሓርጓጽ ዝተቐየረት ሹዱ ብኸምቲ ዝተጠቕሳ ካብ ጥሪ 1979 ጀሚርካ፣1980/1981/1982 - ማለት ሻድሻይ ወራር ሓሊፋ፡ ኣብ ዝቕጸለ ውግእ - ወደ'ስገደ ተወጊኡ ናብ ሕክምና ብርጌድ ክሳብ ዝኸይድ፡ ምስኡ ከርቲታን ተዋጊኣን። እዛ ሹዳን ወደ'ስገደን ዝተገዓዝዎ ጉዕዞ ብኪሎሜተራት እንተዝቑጸር ደማ ምናልባት እዛ ሹዳ ክብረወሰን ምወሰደት ዝብል ግምታት ኣሎ።

መውጋእቲ ወደ'ስገደ ኣብ ፈርሲ ዳንጋኡ ብምንባሩ፡ ጸጋመይቲ እግሩ ትሰላብ ነበረት። ንምንቅስቓስ ስለዘጸገሞዩ ድማ፡ ኣባላት ሕክምና ብርጌድ፡ ነታ ብኽብደታ ተሸግሮ ዝነበረት ጫምኡ ብኻልእ ሓዳሽ ሹዳ ( ኮንጎ) ክቕይራ ስለዝኣመመ፡ ሓዳሽ ሹዳ ሃብዎ። ወደ' ስገደ ኑቲ ሓሳብ ተቐቢሉ፡ ሓዳሽ ጫማ (ሹዳ) ምስ ቀየረ፡ ነዛ ዝተዋህባ ሓዳስ ሹዳ'ውን ብመጠኑ ሊቓቕባ - ባህሊ ስለዝኾነ።

ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ህዝባዊ ግንባር ሕጽረት ሹዳ ንምቕላል ኣብ ሓራ መሬት፡ ፋብሪካ ዳግም ምምስራሕ ሹዳታት መስሪቱ ነበረ። ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ድማ፡ ዝኣረገ ሹዳ ኣኻኺበን ናብ "ክፍሊ ኣደ ስርሓት ውድብ" ክልእኻ መምርሒ ተዋህበ። እታ ቀድሚ መውጋእቱ ዝነበረት ከም ታኽሲ ዝተደረወት ሹዳ ወደ'ስገደ ድማ፡ ምስ ካልኦት ዝኣረገ ጫማታት ከም ዓሎሙ ናብ'ቲ ክፍሊ ምስናዕ ከደት።

ወደ'ስገደ፡ ኑቲ መርፍእን ጡጥን ኣላጊብካ ናይ ምኻድ ባህሊ ምርካስ ዝገበረ፡ ኣብ ንብረት ውድብ ዘርኣዮ ኣብነታዊ ተግባር ብዘለዓለ ንምቕጻል፡ እግሩ ምምሕያሽ ምስ ኣርኣየት፡ "ምስቶም ኣብ ድፋዕ ዘለዉ ብጾተይ ብዓቕመይ ከበርክት ግድን ክኸይድ ኣለኒ" ስለዝበለ፡ ከም ባህጉ መሪሒ ማስርዕ ኮይኑ ናብ ግንባር ክፍሊ ሰራዊት 16 ብርጌድ 26 ሳልሳይ ሓይሊ ከተተ። ሓደ ምሸት ኣብ ኣዝርቐት ዝተባህለ ቦታ ኣብ ሓለዋ ቀጽሊ እንከለው፡ "ንኣሃዱና ዝጠቅም ንብረት ጸላኢ ከምጽእ'የ" ኢሉ ቅድሚ ድፋዕ ምስ ወረደ ድሕሪ ናይ 13 ዓመታት ገድላዊ ኣገልግሎት ኣብ 1988 ዓ.ም ተሰዊኡ።

ከም ወዮ ዝጠቕሰናዮ፡ እታ ሹዱ ናብ ብዑት ክፍሊ ኣደ ስርሓት ኣብ ኢዶም ምስ በጽሐት፡ ካብተን ዝተረከበወን ብሽልንተናኣ ፍልይቲ ኮይና ምስ ረኸብዋ፡ እዚኣ ንጽባሕ ንሃሆ "ቅርሲ ክትከውን ዝግበኣ'ያ" ብምባል ብኽብሪ ዓቒቦማ። ሳላ'ቲ ዕዙዝ ሓሳቦምን ሕልናኦምን ድማ፡ እታ ሹዳ ሓንቲ ካብተን ኑቲ መርፍእን መድፍዕን ሓደ'ዩ ዝብል መርሓ ውሕሉል ኣካይዳ ውድብና እትገልጽ ጥራይ ዘይኮነትስ፡ ንተጋዳላይን ናብርኡን ብፍሉይ ድማ ንወደ'ስገደ እናገለጸትን እናዘከረትን ናይቲ ካልእ መልክዕ መስዋእቲ ብቕዕቲ ኣብነት ኮይና ኣብ ቤተ መዘክር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብኽብሪ ተቐሚጣ ኣላ።

ወደ'ስገደ፡ "ክሳብ ዘለኻ ብዘለካ ምንብርን ምክውዋንን" ንዝብል ኣምር ተግቢሩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ንጽምዋትካ ከምዝለዎ ምቕባል ዝብል ፍልስፍና ሰቢሩ፡ ንጽምዋት ኣብ ረብሓኻ ናይ ምቕያር ጥበብ ዘስተምሃረ ኣብነታዊ ብጻይ እዩ ነይሩ።



**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና ዓወት ንሓፋሽ!**

# ጸጋታት ባሕሪ

## ሕድራ

ሰናይ ገብሩ
ሰእሊ - ሃብቲ ባሕሪ

ሕድራ ሓደ ካብ ዘይዓጸማት ህይወታውያን ባሕሪ ኮይኑ፡ ምድቡ ኣብ ፋይለም ኢቺኖደርማታ ስድራ-ቤት ሆሎቱሮኣይዳ እዩ። ቅርጹም ቀጥን ዝበሉ ነዋሕቲ ጎናዊ ክቢ ዝሓዙ ኮይኖም፡ እቲ ልሙድ ንውሓቶም ካብ 10 ክሳብ 30 ሰ.ሜ ይበጽሕ። እንተኾነ፡ ኣብ ገለ ገለ ውሑዳት ዓሌታት ሕድራ ካብ ዘጋጥሙ ዓቐን ቁመት እቲ ዝክኣሰ 3 ሚ.ሜ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝዓበየ ክሳብ 3 ሜትሮ ይበጽሕ።

ኩሎም ዓሌታት ሕድራ ኣብ ትሕቲ ማያዊ ባይታ ባሕሪ ዝነብሩ ኮይኖም፡ ገሊኦም ኣብ ሑጻ፡ ጭቃ፡ ሳዕሪ ባሕሪ ክነብሩ እንከለው፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ተረርቲ ቦታታት ባይታ ባሕሪ ኣኻውሕን ዕንባባታት ባሕርን ይነብሩ። ሕድራ ኣብ ዝተፈላለየ ዕምቈት ባሕሪ ማለት ካብ ቀረባ ዕምቈት ኣሰታት ሓደ ሜትሮ ክሳብ 10 ኪ.ሜ ዕምቈት ክነብሩ ከም ዝኽእሉ መጽናዕትታት ይሕብሩ። እቶም ዝበዝሑ ሕድራ ኣብ’ቲ ዝዓመቈ ባይታ ባሕሪ ይርከቡ። ካብ ኣሰታት 9 ኪ.ሜ ዕምቈት ንታሕቲ 90% ናይ ኩሉ ህይወታዊ ብዙሕነት ዓሌታት ሕድራ እዮም።

ሕድራ ዝብል ቃል ከባብያዊ ኣጸዋውዓ ስም ብተቓማጦ ህዝቢ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ዝተዋህበ እዩ። ሕድራ ብቛንቋ እንግሊዝ (sea cucumber) ተባሂሉ ክጽዋዕ እንከሎ፡ ስሙ ከም ቅርጹ ኮይኑ ኑቲ ‘ኩኩምበር’ (cucumber) ዝበሃል ፍረ ተኽሊ ስለ ዝመስል’ዩ። ኩኩምበር ከኣ፡ ኑቲ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ፍሉጥ ዝኾነ ዘኩኒ እዩ ዝመስል።

ሕድራ ዝበሃል ናይ ሓባር ስም ኮይኑ፡ ኑቶም ኣብ ሓደ ምድብ ዝርከቡ ዓሌታት ወይ ህይወታውያን ይውክል። ኣብ ትሕቲኡ ዝርከቡ ከኣ፡ ብዙሓት ምድብ ዓሌታት ኣለው። ብዓለም ደረጃ ክረአ እንከሎ፡ ኣሰታት 1,700 ዓሌታት ናይ ሕድራ ከም ዘለዉ መጽናዕትታት ተመራመርቲ ስነ-ህይወታውያን ባሕሪ ይሕብሩ።

ኣብ ሃገርና ማለት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ከኣ፡ ክሳብ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ርኽበት ኣሰታት 19 ዓሌታት (species) ሕድራ ከም ዘለው፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዚያት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ይሕብሩ። እዞም ዓንዲ-ሕቆ ዘይብሎም ህይወታውያን ባሕሪ ማለት ሕድራ፡ ብደረጃ ትሕዝቶኦም ይኹን ምምስራሖም ዘለዎም ብልጫ ተራእዩ፡ ተጠላቢኦቶም ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ኣብ ሰለስተ ደረጃ ተኸፊሎም ይርከቡ።

ካብዞም ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ዘለዉ ዓሌታት ሕድራ፡ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዕዳጋታት ዓለም ዝርከቡ ዓሌታት “ሶኩበራ”፡ “ፋሰኮጊልቫ”ን “ኖቢልስ”ን ተባሂሎም ይጽውዑ። ካብኡ ቀጺሎም ከም ካልኣይ ደረጃ ዝሰርዑ “ኢዱሊስ”ን “ሚላሪስ”ን ተባሂሎም ይጽውዑ። እቶም ዝተረፉ ብዓል “ኣትራ”፡ “ማውሪታንያ”፡ “ኣናናስ”፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ከኣ፡ ከም ሳልሳይ ደረጃ ይሰርዑ። እቲ ብብዝሒ ዝፍለጥ “ኣትራ” ወይ “ሊጋዕ” ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ካብ 80 ክሳብ 85 ሚእታዊት ኣብ ኤርትራ ናይ ዝግፈፉ ሕድራ ይሽፍን።

ዝርገሐ ሕድራ ብዓለም ደረጃ ክርአ እንከሎ፡ ኣብ ከባቢ ቅናት ምድሪ ይርከብ። እቲ ዝበዝሐ ቍጽሪ ናይ’ዞም ህይወታውያን ባሕሪ፡ ኣብ ሃገራት ኤስያ (ቻይና፡ ጃፓን፡ ኢንዶነዥያ፡ ህንዲ) ኣውስትራልያን ማዳጋስካርን ወዘተ ዝኣመሰላ ይርከብ። ኤርትራ፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ ቅናት ምድሪ ዝርከባ ሃገራት ከም ምኳና መጠን ተኻፋሊት ናይ’ዚ ሃብቲ ሕድራ ኮይና ትርከብ።

ወላ’ኳ ስጋ ሕድራ ብርሑሱ እንከሎ ኣመስራሕካ ከም መግቢ ዝበላዕ እንተኾነ፡ መብዛሕትኦም ዓሌታት ሕድራ ብመልክዕ ቋንጣ ተመስሪሖም ምህርቶም ይሕለፉ። እቲ ቐንዲ ምኽንያት ምድላው ዝቐጸ ስጋ ሕድራ፡ ንነዊሕ ግዜ ከይተበላሸወ ንምዕቃቡን ናብ ርሑቕ ቦታታት ንምንቅስቓሱን ከም ዝጥዕም ንምግባር እዩ። ምድላው ቋንጣ ሕድራ ካብ ዓሌት ናብ ዓሌት ይፈላለ እዩ። ሕድራ ኣብ ክልተ ክንመቕሎም እንኽእል ረቂቕን ረጒድን ቆርበት ዘውንኡ ኮይኖም፡ ከከም ዓሌቶም ካብ 30 ክሳብ 60 ደቓይቕ ዘሎ ግዜ ኣብ ዝፈልሐ ማይ ባሕሪ እናጠጠቕካን እናኣኽሰኻን ተብስሎም።

እቶም ረቂቕ ቆርበት ዘውንኡ ሕድራ ከም ብዓል ሎሊ-ፊሽ፡ ኢዱሊስ፡ ሚልያሪስ፡ ዝኣመሰሉ ድሕሪ ሓደ ግዜ ምብሳል ኣብ ጸሓይ ይነቕጹ። እቶም ረጒድ ቆርቢቶም ሕድራ ከም ብዓል ሶኩበራ፡ ፋሰኮጊልቫ፡ ዝኣመሰሉ ከኣ፡ ዕጽፊ ናይቶም ረቂቕ ቆርበት ዘውንኡ ዓሌት ክልተ ግዜ ኣብሲልካ እቲ ቆርቢቶም ሓመድ ስለ ዘለዎ ብመፋሕፍሒ እናፋሕፋሕካ ኣብ ጸሓይ ተንቅጾም። ምስ ነቐጹ፡ ኣብ መሸማዕት መለእካ ንዕዳጋ ድሉው ይኸውን። ኣብ መወዳእታ፡ ብመንገዲ ሃገራዊ ኮርፖረሽን ዓሳ ኣቢሉ ንሰደድ ይለኣኽ፡ ኣብ ብዓል ቻይናን ካልኦት ኣብ ገማግም ሰላማዊ ውቅያኖስ ዝነብሩ ሕብረተ-ሰባትን ከም ቀንዲ መግቢ ኮይኖም ይበልዑ።

ሜላታት ኣጋፋፋ ሕድራ ዝተፈላለዩ እዮም። መብዛሕትኡ ብጉልበት ሰባት ጥልቃ ባሕሪ እናገበርካ፡ ኣየር ኮምፕረሶር (ፒንሾር) እናተጠቐምካ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ቀረባ ዕምቈት ብእግርኻ እናዞርካን ብኢድካ እዮም ዝእረዩ። ኣብ ኤርትራ፡ እቲ ዝበዝሐ ሜላ ኣጋፋፍ፡ ጥልቃ ባሕርን ኣብ ቀረባ ዕምቈት ብእግርኻ እናዞርካን እዩም ዝጥቀመ።

ብዓለም ደረጃ ምግፋፍ ወይ ተጠቃምነት ናይ’ዚ ሕድራ ዝበሃል ህይወታዊ ባሕሪ ካብ ዝጀመር ኣሰታት ሓደ ሽሕ ዓመት ኣቊጺሩ ኣሎ። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ከኣ፡ ልዕሊ 50 ዓመታት ኣቊጺሩ ይርከብ። ኣብቶም ቀዳሞት ዓመታት ናጽነት፡ ሜላታት ኣጋፋፋን ኣፍልጦ ዕዳጋታትን ድሩት’ኳ እንተነበረ፡ ምስ ግዜ እናማዕበለ ምስ ከደ ግን፡ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ዝለዓለ ምህርቲ ኣብ ዓመተ 2003፡ ልዕሊ 450 ቶን ተመዝጊቡ ከም ዘሎ ሰነዳት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ይሕብር።

ብኸም’ዚ፡ ብዝሒ ምህርቲ ቀጻሊ ምግፋፍ ቀጻልነቱ ስለ ዘሰክፍ፡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ውሕስነትን ቀጻሊ ተጠቃምነት ሕድራ ንምሕላው ብዙሕ ሓሳብ ህሉው ኩነታት ክዙን ደምበ ሕድራ መጽናዕቲ ንኽናበርሉ፡ ኩሉ ንጥፈታት ምግፋፍ ሕድራ ኣብ 2007 ደው ከም ዝበል ተገይሩ። ወላ’ኳ ምሉእ መጽናዕቲ እንተዘይተገብረ፡ ሓፈሻዊ ህሉው ኩነታት መጽናዕቲ ብምግባር፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ከም ቀደሙ ክሳብ ሎሚ ንጥፈታት ምግፋፍ ሕድራ ይኣገድ ኣሎ። ስለ’ዚ ቀጠባዊ ኣበርክቶ ኣብ ተቐማጦ ገማግም ባሕርን ደሴታትን ዒቢ ምኻኑ ንምርድኡ ዘጸግም ኣይኮነን። እዚ ይኹን እምበር፡ ንዕዳጋታት ዓለም ብኸበር እናተሸጠ ኣብ ሃገርና ክሳብ ሎሚ ንምብልዑ ኣይተለምደን ዘሎ።

እዞም ህይወታውያን ወላ’ኳ ኣብ ደቂ-ሰብ ዘለዎም ኣበርክቶ ከም መግብን ንግድን ዒቢ እንተኾነ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኣከባብያውን ስነ-ህይወታዊ ብዙሕነትን ዒቢ እወታዊ ጽልዋ ኣለዎም። ሕድራ ካብ ሓመድ ኣጻርዮም/ጸሚቖም ዝምገቡ ስለ ዝኾኑ፡ ኑቲ ሑጻ ናይ ባሕሪ ብምብላዕ የሕቑቖም ዘድልዮም ባእታ ወሲዶም ናብ ባሕሪ ይተፍእዎ። በዚ መንገዲ ከኣ፡ ኣብ ምሕዳስ ሓመድ (recycling sediments) ናይ ትሕተ ባይታ ባሕሪ ዒቢ ግደ ኣለዎም።

መብዛሕትኦም ዓሌታት ሕድራ ብዙሕ ትሕዝቶ መግቢን ደስ ዘብል መቐረትን ኣለዎም። መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ ኩሎም ሕድራ ትሕዝቶታት ናይ “ፋቲ ኣሲድ” (fatty acid) ዝተባህሉ ኣገደስቲ ባእታታት ስለ ዘለዎም፡ ኣብ ምትካእ ወይ ምሕዋይ ጭዋዳታት ዒቢ ግደ ይጻወቱ።

ሕድራ ኣብ ሃገራት ኤስያ ብዝተፈላለየ ሜላ ኣጠቓቕማ ከም ባህላዊ መድሃኒት የገልግሉ እዮም። እቲ ዝጥቀምሉ ፍወሳ’ውን፡ ብስነ-ፍልጠት ደገፍ ዝረኸበ እዩ። ገለ ካብዮም ዝፍውሶም ዓይነት ሕማማት - ካንሰር፡ ሕማም መላግቦ (arthritis) ከምኡ እውን ካልኦት ሕማማትን እዮም። ሕድራ ብዘይካ እቲ ባህላዊ ፍወሳታት ኣብ ፋርማሲታት፣ ናብ ዘይቲ፡ ክሬምን መመላኽዕን ተመስሪሑ ይቐርብ እዩ።

ሕድራ ኑቶም ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝነብሩ ሕብረተሰብ ዒቢ ናይ ቍጠባ ኣበርክቶ ኣለዎ። ብፍላይ ከኣ እቶም ኣብ ቀረባ ዕምቈት ዝርከቡ ዓሌታት ሕድራ ንምእራዮም ዝቐለሉ ብምዃኑ፡ ንደቂ-ኣንስትዮ ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥሩ ስለ ዝኾኑ፡ ከም ዝበለጸ ምንጪ ኣታዊ ናይ’ቲ ሕብረተሰብ እዮም ዝጥመቱ።

ኣብ ገማግም ባሕሪ ኤርትራ ዘለዉ ሕብረተሰባት፡ ሓደ ካብ ጸቡቕ ባህሊታቶም፡ ቈልዑን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ’ቲ ዝቐረበ ከባቢታት ሕድራ ክገፉ ክፍቀደሎም እንከሎ፡ እቶም ዓቕሚ ዘለዎም መንእሰያትን ሰብኡትን ከኣ፡ ናብ’ቲ ዝረሓቐን ዝዓመቐን ቦታታት ከይዶም ክገፉ ይፍቀደሎም።

ከምኡ’ውን ካብ ብባህርያዊ ኣገባብ ዝፈረዩ ሕድራ ጥራይ ከይተጸበኻ፡ ባዕልና መፋረዪ ኣገባብ ተጠቒምና ዒቢ ኣታዊ ክንገብር ንኽእል ኢና። ንኣብነት እቶም ቀዳማይ ደረጃ ሕድራ ዝበሃሉ ንሓደ ኪሎ ዝቐጸ ስጋ ክሳብ 2,000 ኖቕፋ ይበጽሕ።

ኣብ መስርሕ ምግፋፍ ሕድራ ከም’ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ንሙብስሊ ተባሂሎም ዝቑረጹ ኣግራብ ገማግም ባሕርን ደሴታት ኣለዉ፣ ከምኡ’ውን ከባብያዊ ብከላ ስለዘኸትል፡ ኣዚ ንምፍዋስ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ኣማራጺ ጸዓት ንምርካብ መጽናዕትታትን ፈተነታትን የካይድ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ሕድራ ናይ ምርባሕ ወይ ከኣ ናይ ምጉባዝ ባህርያቱ ደንጓዪ ስለ ዝኾነ፡ ከምኡ’ውን ብዙሕ ዘይንቀሳቐሱን ኣብ ሓደ ከባቢ ብዘበዝሐ ናይ ምእካብ ባህርያት ስለ ዘለዎም፡ ክግፈፉ እንከለዉ ብዙሕኑቶም ኣዝዩም ተነቃፍቲ ይኾኑ እዮም። ገለ ዓሌታት ሕድራ ማለት እቶም ኣብ ዕዳጋ ቀዳማይ ደረጃ ዝሰርዑ ከም ብዓል ሶኩበራ፡ ፍስኮጊቫን ኖቢሊስን ካልኦትን ብዓለም ደረጃ ኣብ ሓደጋ ምጽናት ከም ዝርከቡ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ስለዚ ንቐጻሊ ተጠቃምነት ጸጋታት ባሕሪ ሃገርና ንምውሓስ ሕድራ ዝግፈፈሉን ዝዕጸወሉን ወቕቲን ቦታን ብግቡእ ተለሊዩም ናይ ምሕደራ ኣገባብ ንክተኣታቶ፡ ጨንፈር ምርምርን ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽር ባሕርን ሚኒስትሪ ኣበርቲዖም ዝሰርሑሉ ዘለዉ ንጥፈት እዩ።



ምምስራሕ ወዲኡ ንዕዳጋ ድሉው ዝኾነ ሕድራ



ምምስራሕ ሕድራ ኣብ ደሴታት ኤርትራ




ገለ ካብቶም ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ዓሌታት ሕድራ



ገፈፍቲ ዓሳ፡ ሕድራ ብሓዊ እናኣብሰሉ

**ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳለዎ ዓምዲ**

# ቀያሕቲ ዕንባባ መን'ዮም፧

ፍስሃየ በላይ



ህዝባዊ ግንባር፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ 1940ታት ክሳብ 1900ታት ዝሓለፎ ፖለቲካዊ ተመኩሮ ኮነ ካብ ዓለማዊ ተመክሮታት ትምህርቲ ቀሲሙ ፍጥር ካብ ዝብል ማእዝኑ ኣነጺሩ ዝቐለ ውድብ እዩ። ናጽነት ሃገር ንምርግጋጽ ኮነ ስልጣን ሃገርን ሕብረተሰብን ንምፍጣር፡ ንትሕተ ሃገራውነት ብንቕሓት ጸብለል ዝበለ ሃገራዊ ሓድነትን ሓያል ውዳበን ምህናጽ ወሳኒ ምዃኑ ብምግንዛብ ድማ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ “ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ” ብዝብል መሪሕ ጭርሖ ንህዝቢ ብዑማሕበራዊ ቦታኡ ይጥርንፎን ይውድቦን ነበረ።

መድረኽ 1977-1978 ኣብ 1ይ ውድባዊ ጉባኤ፡ “ሱበን መሬትን ብብደረጃኡ ሓራ ምውጻእ” ብዝብል ውሳነ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት ተበራቲዑ ብዘይካ፡ ኣስመራ፡ ዓዲቐይሕ፡ ባረንቱ፡ ዓሱበን ገለ ክፋል ምጽዋዕን፡ ሰፊሕ ገጠራት ኤርትራን ዝበዝሓ ከተማታትን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰውራ ኤርትራ ዝኣተወሉ እዋን እዩ ነይሩ።

ቅድሚ'ዚ እዋን'ዚ እቲ ጸላኢ ዘይቆጻጸሮ ገጠራትን ሓውሲ ሓራ ከባቢታትን ህዝቢ ብዑማሕበራዊ ቦታኡ ናይ ምንቃሕን ምውዳብን ምዕጣቕን ስራሕ ተቢጊሱ ጸኒሑ እዩ። ከተማታት ሓራ ምስ ኮና ድማ ብመንገዲ ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) ኑቲ ሓራ ዝወጸ ህዝቢ ዘመሓድራ ህዝባዊ ባይቶታት ከምዝቐውም እናገበረ፡ ኑቲ ናይ ምውዳብ ስራሕ ብሰፊሑ ተታሓሒዙዎ። ማሕበር ደቀንስትዮ፡ ማሕበር መንእሰያት፡ ማሕበር ሞያውያን፡ ማሕበር ሓረስቶት፡ ማሕበር ሸቃሎ ዝብል ውዳባት ድማ ተፈጥረ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ትሕቲ ዕድመ ዝነበሩ ቆልዑ፡ ተጋደልቲ ንምምሳል ናይ ጸላኢ ተረፍ መረፍ ወተሃደራዊ ዕጥቃን ብዕንጨይቲ ዝጸረቡዎ ተምሳል ብረትን ዓጢቖም ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ደድሕሪ ተጋደልቲ እናኸዱ ካብኦም ዝሰምዑዎ መዛሙር፡ ደርፍታት፡ እናደገሙ ካብኡቶም ተጋደልቲ ዝወረሱዎ ሰውራዊ ጠባያትን ባህርያትን ካብ ስድራቤቶም ጀሚሮም ናብ ኩሉ ህዝቢ ከስርጽዎ ብተበግሶኦም ሓርኮትኮት ይብሉ ነበሩ። እዚ ናይ ቆልዑ ተበግሶታት፡ ቅድሚ ሓራ ከተማታት፡ ተጋደልቲ ኣብ ዝቆጻጸርዎ ዝነበሩ ርሑቕ ከባቢታትን ገጠራትን ዝጀመረ እኳ እንተኾነ፡ ድሕሪ ምሕራር ከተማታት ግን እናሓየለ ይኸይድ ነበረ። በዚ ድማ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ጠመተ ክገብረሉ ግድን ኮነ። ‘ዝኾነ ቆልዑ ዝጥርንፍ ውዳበ ክህሉ ኣለዎ’ ኣብ ዝብል መደምደምታ ድማ ተበጽሐ። ናይ ካልኦት ሓርነታዊ ምንቅስቓሳት ከም ብዓል ሩስያ፡ ቻይናን ተመክሮ እውን ነይሩ እዩ።

እቲ ሓሳብ፡ ኣብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ቀሪቡ ምስ ጸደቐ፡ ኣብ ሕዳር 1977 ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ‘ስኳላ ሓበሻ’ ኣብ ዝበሃል ቤት ትምህርቲ፡ ንፈለማ ግዜ ማሕበር ቀያሕቲ ዕንባባ ተመስረተ። ኩሎም እቶም ብብከባቢኦም ቀይሞም ዝነበሩ ጉጅለታት ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ከኣ፡ ኣብዚ ማሕበር'ዚ ተጠርኒፎም፡ ብደሞክራሲያዊ መንገዲ መራሕቶም መረጹ። ብመሳርዕን ጋንታታትን ተወዲቦም ከኣ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ናይቲ ከተማ ከምዝዋፈሩ ተገይሩ። ከም መለለዪ፡ ቀይሕ ስካፍ ኣብ ክሳድ ብምእሳር፡ ናይ ሓሶት ዕጥቂ ዓጢቖም፡ ኣብ ከተማ ዘይሕጋዊ ንግዲ ከይህሉ፡ ጽሬት ከተማ ከይበላሾ፡ ክከታተሉ፡ ኣብ ሕርሻ ልምዓት ክሳተፉን ስፖርታዊ ንጥፈታት ክካይዱን ጀመሩ። ብዓብኡ ድማ ጉጅለ ባህሊ ብምቛም፡ ከም ብዓል ስውእቲ ተበርህ ተስፋሁነይ ዝማሃራኦም፡ ናይ ዓበይቲ ጉጅለ ባህሊ ውድብ ደርፍታት፡ ከምኡ'ውን ዋንኑቱ ዘይፍለጥ ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ዝድረፍ ዝነበረ ደርፍታት ክደግሙ ጀሚሮም።

*ህዝባዊ ሰራዊት እሳተጎመራ*
*ይዋናጨፍ ኣሎ ኣብ ሜዳ ኤርትራ*
*ሓራ ንክውጻእ ኩሉ ብሓበራ*

ሓንቲ ካብተን ኣብ ሓይልታት ካብ ዝነበሩ ከረርቲ ትድረፍ ዝነበረት ደርፊ ኮይና፡ ኣብ ቀያሕቲ ዕንባባ ደቀምሓረ ብፍስሃየ በላይ እናተደርፈት ህቡብቲ ዝኾነት ደርፊ እያ።

እዞም ቀያሕቲ ዕንባባ ጉጅለ ባህሊ ድሕሪ ምቛሞም፡ ኣብ ህዝብን ህዝባዊ ሰራዊትን (ተጋደልቲ) ሰፊሕ ናይ ምጉስጓስ ስራሕ ይሰርሑ ምንባሮም ዘይርሳዕ ተዘክሮ እዩ። ማሕበር ቀያሕቲ ዕንባባ ደቀምሓረ ክትቀውም እንከላ፡ መጀመርያ ዝኣከበና ሓላፊ ዝመሃረና መዘሙር፡ ንኩልና ኣብ ምስረታ ቀያሕቲ ዕንባባ ዝነበርና ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዘለና መተዓብይቲ ካብ ሓንጎልና ዘይትሃሰስ መዝሙር እያ። ኣብ ኩሉ መኽፈቲ መደባትና ከም መእተዊ ንጥቀመላ ነበርና።

*ኣይጠራጠርን ኣነ ንዓወተይ!*
*ህዝባዊ ግንባር'ዩ ፈጻሚ ድሌተይ።*

ኒዚ ዝጠቐስኩዎ ታሪኽ ከም ድሕሪ ባይታ ወሲድካ፡ መን'ዮም ቀያሕቲ ዕንባባ፧ ዝብል ሕቶ ንምምላስ ተሪር ዓቕሚ ምውጻእ ኣየድልን። ወይ'ውን ከምቲ ኣብ ገለ ገለ ጽሑፋት እነንብቦ ወይ ሰባት ከዘንትውዎ እንሰምዖ፡ ከም ዝመሰለካን ከምዝደለኻዮን ገይርካ ምቕራብ ኣይግባእን። ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ኣብ ጽላል ወለዱ ኮይኑ፡ ከም ሓደ ማሕበራዊ ሓይሊ፡ ውድብ ኣብ ዝሃቦ ዕማማት ዝጥፍ ዝነበረ ናይ ትሕተ-ዕድመ ቆልዑ ማሕበር'ዩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ህ.ግ. ኣብ ዘንቀሳቕሶ ዝነበረ ከባቢታት (ገጠራት) ካብ ብዓል ዛግር ጀሚርካ፡ ኣብ ሰሓርቲን ከባቢ ደቀምሓረን ሓያሎ ናይ ዞባ ደቡብ ከባቢታትን ብርክት ዝበላ ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕንባባ ቀይመን ነበራ። እዚ ውዳበ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ድሒሩ ናብ ምብራቕ እናለሓመ ናብ ብዓል ነፋሲት ማይ ሓባር እምባትካላ . . ገጹ ኣስፋሕፊሑ።

ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ደቀምሓረ፡ ከተማዊ ህይወትን ኣተዓብብያን ብዝፈጠሮ ብልጫ፡ ገለ ካብ ኣባላቱ ኣብ እንዳ ሚሲዮንን እንዳ ደናግልን ዝተማህሩ ነበሩዎ። በዚ ድማ ልምዲ መሳርሒ ሙዚቃ ዝነበሮም ከም ብዓል ብርሃነ ምስግና (ዳሉቸ)፡ ኤልያስ ወልደጊብርኤል - ፊዘርሞኒካ ዝጻወቱ፡ ከም ብዓል ነጸረኣብ ገረሱስ (ወዲ ሻውል) - ድራም ዝሃርሙ፡ ከም ብዓል ጎይትኦም ኣብርሃ - ክራር ዝኽርሩን ካልኦት ኣብ እንዳ ሚሲዮን ናይ ምዝማር ልምዲ ዝነበሮምን ስለዝነበሩዎ፡ ምስ ካልእ ብምንጽጻር ቀልጢፉ እዩ ዓብዩ። ካብ ኣባላት 06 ነበር፡ ኑቲ ማሕበር ብቐረባ ዝከታተሎ'ን ከም ኣቦ ኮይኑ ዝጥርንፎን ዝነበረ ተጋዳላይ (ናይ ሕጂ ኮሎኔል) ዓንደብርሃን በርሀ (ወዲ በርሀ) እዩ። ዓንደብርሃን እታ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ክትሕይል ብዝተጻወቶ ተራ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን፡ ካብ ከተማ ደቀምሓረ ሓሊፋ፡ ኣብ ከተማታት ድግሳ፡ ሰገነይቲ፡ ከረን፡ ኣፍዓበት፡ ዳርጋ ኣብ ኩለን ሓራ ወጺኤን ዝነበራ ከተማታት፡ ዑደት ብምግባር ንህዝብን ሰራዊትን ኣብ ምጉስጓስ ከምእትነጥፍ ተገይሩ።

ድሕሪ ምምስራት ቀያሕቲ ዕንባባ ኣብ ዓመቱ፡ ማለት ኣብ 1978 ብዝተፈጥረ ናይ ምዝላቕ ኩነታት፡ ኩልና ኣብቲ ማሕበር ተጠርኒፍና ዝነበርና ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ዞባ ደቡብ፡ ብሓባር ምስ ህዝባዊ ግንባር ናብ ሳሕል ክንምርሕ ግድን ኮይኑ። ብብዝነበርናዮ ከተማ፡ ዓዲ፡ ዝጥርንፉና ዝነበሩ ሓለፍቲ መሪሖምና ድማ፡ ድሕሪ ነዊሕ ኣድካሚ ናይ እግሪ ጉዕዞ ኣብ ሰሎሙና ተኣኻኺብና። ብዘይካ ዓንደብርሃን በርሀ፡ ኩሎም ጠርነፍቲ ናይቲ ማሕበር ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ውድብ ንዝሃቦም ካልእ ዕማም ክሳልጡ ስለ ዝተመልሱ፡ ዓንደብርሃን ኑተን ዝነበራ ጉጅለታት ናይ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ናይ ክልተ ሰለስተ ዓድታት ብሓደ እናጠርነፈ ብጋንታ፡ ሓይሊ፡ ቦጦሎኒ፡ ብርጌድ ወዲቡ ክሳብ ከረን ኣፋንዩና። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ናብ ዜሮ ዝኣተና ስም ብዝርዝር (ኦርኒክ) ምሳይ ስለ ዝነበረ ኣብኡ ንዝጸንሓና ሓላፊ ናይ ከባቢ 720 ቆልዑ ኣስማት ኣረኪበዮ። እቶም ነባራት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብዝሕና ምስ ረኣዩ ካብ ምግራም ዝቐለ “ኣንታ እንታይ እዮም እዚኦም፡ ቀያሕቲ ኣንበጣ” ክብሉ ጨሪቖምልና።

ክሳብ እዛ ዕለት'ዚኣ ማለት ናብ ዜሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኣተናላ እምበኣር፡ መጸውዒና ‘ቀያሕቲ ዕንባባ’ እዩ ነይሩ። እዘን ዝጠቐስኩውን ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ውድብ ምስ ኣተዋ ድማ መጸውዒና ቀያሕቲ ዕንባባ ዘይኮነ፡ ‘ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ’ ኮይኑ። ከምቲ ካልእ ኣብ ማሕበር መንእሰይ፡ ማሕበር ደቀንስትዮ፡ ማሕበር ሓረስቶት፡ ዝነበረ ኩሉ ናብራኡ ገዲፉ ናብ ሰውራ ምስተጸንበረ ተጋዳላይ ዝኾነ፡ ቀይሕ ዕንባባ ድማ ተማሃራይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኮነ። ኣብ ጉጅለ ባህሊ እንተመጺእና ከኣ፡ ዋላ እኳ ብዙሓት ኣብ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ዝነበሩ ኣብ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ እንተተጸንበሩ፡ ጉጅለታት ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባን ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራን በበይነን እየን። እዚ ዝብል ዘለኹ ኣብ መጻሕፍቲ ከይተረፈ ሓዋዊስካ ይትረኽ ስለዘሎ እዩ። ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንኣብነት፡ ብ05 ጥቅምቲ 2025 ተሓቲሙ ኣብ ዝወጸ “ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብይ ናበይ፧” ዝርእሱ ጽሑፍ፡ ማሕበር ቀያሕቲ ዕንባባ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከምዝወለዶ ብዝመስል ኣገላልጻ ተተሪኹ ኣሎ። እዚ ግን ግጉይ እዩ። ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ዑደት ኣብ ሓራ ከተማታት ኣብ ዝገበረሉ ዝነበረ፡ ብፍላይ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ፡ ማሕበር ቀያሕቲ ዕንባባ ድሮ ተመስሪቱስ ርክብ'ውን ኣካይዱ ምንባሩ ንተረኽቲ ከዘኻኽሮም እደሊ።

ኣብ መደምደምታ ታሪኽ ቀያሕቲ ዕንባባ ነዊሕን ሰፊሕን መጽናዕቲ ዘድልዮ ምዃኑ ኣይስሓትን። ሓደ ካብ ታሪኽን ክብርታትን ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ምንቃሕ፡ ምውዳብን ምዕጣቕን ሓፋሽ ህዝቢ ስለዝኾነ፡ ከይሓዋወስካ ብልክዕን ብዕቱብን መገዲ ክዝንቶን ክሰነድን ዘለዎ ታሪኽ'ዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። እዚ ንምግባር ዕድመን ጥዕናን እንተሂቡና፡ ምስ ኩሎም እቶም ብሂወት ዘለዉ መተዓብይተይ ተሓጋጊዝና ብወገንና ክንሰንዶ እሂን ምሂን ምብህሃል ጀሚርና ኣለና። ንኩሎም እቶም ኣብ ርሑቕን ቀረባን ዘለዉ መተዓብይትና ድማ፡ ታሪኽ ብብዙሓት ክዝንቶ ዝያዳ ተኣማንን ሓቀኛን ስለዝኸውን ዘለኩም ተዘክሮ ወስ ክትብሉ እላበወኩም። ኑቶም ኣብ ምስናድ ዝጥፉ ዘለዉ ድማ፡ ኒዚ ጉዳይ ህድእ ኢሎም ብኩሉ ኩርናዓቱ ክርእይዎን ክፍትሽዎን ሓደራ እብሎም። እንተ'ታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብተኸታታሊ ኣብ ናይ ሰንበት ሕታም ትወጽእ ዝነበረት ጽሕፍቲ “ካብ ታሪኽ ሰውራና፣ እቲ ካልእ ገድሊ ንናጽነት” ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንባባ ሓዋዊሳ ዘዘንተወቶ መኣረምታ ክግበረሉ ምደለኹ። እቲ ምንታይ እቶም ዝበዝሑና ኣባላት ኣብቲ ጉጅለ ባህሊ ዋላ እንተተጸንበርና ቀያሕቲ ዕንባባ ምንባርና ግን ዜሮ ኣብ ዝኣተናሉ ኣብቂዑ እዩ። ብቐንዱ ድማ ቀያሕቲ ዕንባባ፡ ንኩሎም ኣብቲ ማሕበር ዝተወደቡ ቆልዑ እምበር፡ ኑተን ጉጅለታት ባህሊ ጥራይ ዝምልከት ስም ኣይነበረን።

ካልእ እታ ዘዕበየትናን ኣብ ዘለናዮ ደረጃ ንክንበጽሕ መሰረት ዝኾነትናን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብ ትምስረት ድሮ 50 ዓመት ኮይኑ፡ ኣብ 2026 ወርቃዊ እዮቤልዩ ከተብዕል ምዃና ብመንገዲ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ደስ ዘብል ሓበሬታ ተዋሂቡ ስለዝሰማዕና ደስ ኢሉና ኣሎ። እታ ብዓመት እትንእሳ ማሕበር ቀያሕቲ ዕንባባ ድማ፡ ኣብ ሕዳር 1977 ከም ዝቖመት፡ ዝመጽእ ዓመተ 2027 ድማ መበል 50 ዓመታ ምዃኑ ንኹሎም ኣባላት ቀያሕቲ ዕንባባ ነበር በዚ ኣጋጣሚ ከዘኻኽሮም እደሊ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሩፋኤል ጃዝፐ ክሪስራ፥ ኣደይ ናታሊና ፋውስቲኒ ፕሪሞ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ብፍ/ብ/ማሳል ወረ/ፍ ሰናይት ተሰፋይ +4 ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፥ ብፍ/ብ/ዕዳ ወ/ሮ ኣልጋሽ ተሰፋይ ጉብረሚካኤል፡ ንዓኺ ዝምልከት ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ተኸፊቱልኪ ስለዘሎ፡ ን16/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቀረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ሰረቅ ሳሙኤል ኣስፍሃ፡ ኣደይ ጉት ሃብተኣብ ሃይለ ስለዝዓረፈት፡ ካብ ኣሕዋተይ 1. ሩት ሳሙኤል 2. ኢሳያስ ሳሙኤል 3. 4. ኤርምያስ ሳሙኤል፣ ንኣዴና፡ ብዕለት 07/06/2025 ናይ ውርሲ ማሳለም ስለ ዝሀበት፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ሰሚራ ወልደገብርኤል ኣብርሃ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብፍ/ብ/ማሳል ኻ/ሃ/ር መሓሪ የማነ ኪዳነ +3 ብፍ/ብ/ዕዳ ወ/ፍ የማነ ዝኾንኩም ፍረወይኒ የውሃንስ፥ የዲት የውሃንስ፥ ክብሮኣብ የውሃንስ፥ ወረ/ፍ ሰወእ ብርሃነ የማነ፥ ቢንያም ብርሃኑ ሉተንስኤ የማነ፥ ሂወት የማነ፣ ናይ ፈጻሚ ክርክር ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቀረቡ፡፡

ኣቶ ብርሃነ ኣፈወርቂ ኢያሱ፥ ተጸዋዕቲ ኣበል ካሕሳይ ገብረታትዮስ፥ ሆሳእና ካሕሳይ ገብረታትዮስ፥ ናእሚ ካሕሳይ ገብረታትዮስ፥ ተማሰገን ካሕሳይ ገብረታትዮስ፣ ናይ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ/41 ቀረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲት ተረዛ ክፍሎማርያም ኣጽብሃ፥ ወኪል ፍረወይኒ ክፍሎማርያም ኣጽብሃ፥ ተኸሰስቲ 1. ማሚት ተኪኤ 2. ሰላማዊት ተኪኤ 3. ሰለሞን የሃንስ ዘሎ ናይ ገዛዘብ ጉዳይ፥ ተኸሰስቲ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ/32 ቀረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

መብረሂቶም ዑቕባይ ገብረሚካኤል 1. ምዮና በርሀ ተስፋጋብር 2. ኣልማዝ ገብረክርስቶስ ዘርኡ፣ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ ስለ ዘለኩም፡ ን30/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቀረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲት ሃይማኖት ተኽለማርያም ተሰፋዝጊ፡ ተኸሳሲት ኢለን ሰሎሙን ንዓኺ ዝምልከት ናይ ገዛ ዝምልቃቕ ጉዳይ ስለ ዘለኪ፡ ን24/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/49 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ስምኦን ሓድግ ቦጋኣጸየን ኣቦይ ገብረሚካኤል መሓሪ ስለዝዓረፈ፥ ኣደይ ናይ መጸምዲ ማሳለ ይተሓለወለ፡ 3 ደቁ ከኣ ሓደ ኻ/ሃ/ር ሂወት ገብረሚካኤል ተተኪእተ ደቃ 3 ከኣ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 10 መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ክሲ ወረ/ፍ/ሃ/ር ኣብርሃ ሓጎስ ጻዕዱ፥ ወራ/ፍ ሃ/ር ወረደሽ ኣብርሃ ሓጎስ፥ ኣቶ ግርማይ ወልዱ፥ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ሃ/ር ኣብርሃ ሓጎስ ጻዕዱ ወራ/ፍ/ሃ/ር መብራት ኣብርሃ ሓጎስ ወ/ሮ ጉት ተኽለ እልፉ፥ 2. ወረ/ፍ/ሃ/ር ወረደሽ ኣብርሃ 2.1 ኻ/ሃ/ር ኣበበ ወልዱ ተተኪእተ ደቃ 6 ኻ/ሃ/ር ሰለሙን ወልዱ ተተኪእተ ደቁ 4 ኻ/ሃ/ራት ኣልጋሽ ወልዱ ተተኪኡ 2.8.1 ኻ/ሃ/ር ነጋ ሚካኤል ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ይክኣሎ ሓድግ፡ ኣደይ ይሕደጋ ተኸስተ መኮነን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ 2 ተተኪእተ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ልዂም ሚካኤለ ርእሶም፡ ምግባል ተረፉ፥ ምሕረት ሚካኤለ ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ት ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ብርሃነ ሓጎስ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሰዐረ መድሓኒ በርሀ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ደስታ ኩሓሱ፥ ብዓል ቤተይ ተመስገን ገብረማርያም ደበስ ስለዝዓረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቁ ከኣ ወራስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብሞገዚቱ ወ/ሮ ሓሊማ ዓብዱላ፥ ት/ዕድመ ኢናስ ሓሰን ሳልሕ፥ ምግባል ተረፉ፥ ዛህራ ሓሰን ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ት/ዕድመ ሳምራዊት ክብሮም ዘርኡ ብሞግዚት ኣቶ ግርማጼን ወልደሚካኤል ደብሳይ፥ ኣቦይ ክብሮም ዘርኡ ሞጐ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ጥራይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ግርማይ ኣብርሃን ጎይትኦም፡ ኣቦይ ኣብርሃ ጉይትኦም በርሀ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ጥራይ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ኣምና ዓሊ ያሲን፡ ኣብ መሐበሪ ወረቐት ናይ ወደይ ሰወእ ያሲን መሓመድ ኑር ሸክ ኣልኣሚን፡ ስመይ ኣምና ዓሊ ምግባል ተረፉ፥ ኣምና ያሲን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ፍትዊ ተሰፉ፥ ብዓል ቤተይ ጺጋይ ጠዓመ ኪዳነ ስለዝዓረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 8 ደቀይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ የርሳሌም ጎይትኦም ተኽሉ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ሴም ኣሕፈርም ተወልዱ፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣቶ ተሰፋኣለም ፍስሃየ ንገሱ፥ ተጸዋዒ ኣቶ ኢብራሂም ዓብደልቃደር፡ ብዕለት 28/09/2024 ብቁ/መዝ 985 2004 ንዓይ ኣመልኪቱ ወኪልና ስልጣን ሂቡኒ ከምዝነበረ ዝፍለጥ ኮይኑ፥ እንተኾነ ድሕሪ ወኪልና ስልጣን ምሃቡ፡ ደጃዱ ስለ ዘይብለይ፥ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ፥ ወኪልና ስልጣን ክስረዘለይ ስለ ዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ኣቶ ተሰፋኣለም ፍስሃየ ንገሱ፥ ተጸዋዒት ወ/ሮ ዛይድ ክፍላይ ጉብረእየሱስ፥ ብ28/09/2025 ብቁ/መዝ 76/ 2005 ንዓይ ኣመልኪታ ወኪልና ስልጣን ሂባትኒ ከምዝነበረት ዝፍለጥ ኮይኑ፥ እንተኾነ ድሕሪኢ ወኪልና ስልጣን ምሃባ፡ ደሃያ ስለ ዘይብለይ፣ ኣድራሻኣ ስለ ዘይተፈልጠ፥ ወኪልና ስልጣን ክስረዘለይ ስለ ዝበለ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣብርሀት ግርማይ ጸገዙኣብ፥ ወ/ሮ ሓረገ ተወልደመድህን፥ ኑቲ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 05 ዝርከብ ብቁ/ምስክር ወረቐት 301848 ብመወከሲ ቁጽሪ 301367 ዝተመዝገበ፥ ብስም ግርማጸየን ጸገዙኣብን ሓረገ ተወልደመድህንን ዝፍለጥ፡ ካብዚ እቲ ፍርቂ ብጽሒታ 186 ት/ሜትሮ ስፍሓት ዘለዎ፡ ብመልክዕ ወህቡቶ ዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣንገሶት ገብረብርሃን በርሀ፡ ፊሊሞን ፍጹም ምግባል ተረፉ፥ ፊሊሞን ኣፍወርቂ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ፊልማዊት ኣብርሃሉ፡ ምግባል ተረፉ፥ ኣርሴማ ኣርብዛለ ተሰፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዝዩ ዘፍቅራ ብዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ጸገ ብርሃን ገብረማርያም፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ካብ ጎና ዘይተፈለኹም፡ ምስ ዓረፈት ኣብ ኣመሪካ ሜሪላንድ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብራ ካብ ርሑቕን ቀረባን መጺእኩም ዘተሳተፍኩምን ካብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ናይ ጸንዓት መልእኽቲ ዝሰደድኩምልናን ከምኡ'ውን ደብረ ሰላም ቅዱስ ሚካኤል ቤተክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ ካህናት ንዘተጉበረላ ናይ ጸሎት ኣገልግሎት ብልቢ እናኣመስገንና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ፡፡

ብዓል ቤታ ኣቶ ኣማኑኤል ተኽለ
ምስ ኩሎም ደቀይን ስድራቤተይን

ወ/ሮ ኣልማዝ ኪዳነ ሃይሉ፥ ብቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን 16876 ቁጽሪ መዝገብ 14754 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ - ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ናይ ማስተኻኸሊ ጸጉሪ ርእሲን መሕጸቢ ሰብነትን ትካለይ፥ ንኣቶ ዳዊት ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓ/ከተማ መንደፈራ ተሌፎን 07375657፣ ክሳብ ዕለት 31/05/28 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ኣልማዝ ኪዳነ
ሕጋዊ ወኪል ረዛ ናይዚ ክፍሊ

ኣነ ኣምለሰት ተኽለሰንበት ግደ፥ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሕጣሕ ጸሎት፡ ዚፕ ኮድ 1A738 ፕሎት 32 ፓርሰል K ዝርከብ፥ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑ. ንብረት BRGNF009139/0 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸለይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳነ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ኣምለሶም ተኽለሰንበት ግደ

ኣብ ኣስመራ ከተማ ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ ከባቢ ሜዳ ኤርትራ ዚፕ ኮድ 1A119 ጎደና ዓዲ ኳላ ቁ/ገዛ 42 ፕሎት 11 ፓርሰል "A2" ኣብ 65.10 ት/ሜትር 3 ክፍሊ ገዛ 2 ሓገዝቲ ዘጠቓለለ ካብ ብስም 1. ወ/ሮ ፍረወይኒ ክብሮም ዘርኣሃዋርያትን ኣቶ ግርማይ ዑቕባሚካኤል ገብረእግዚኣብሄርን ዝተመዝገበ ንሕና 1. ኣቶ የሃንስ ገብረእግዚኣብሄር 2. ወ/ሮ ኤደን ተኽሉብርሃንን ዝዓደግናዮ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስም ዓደግቲ ከነመሓላልፍ ስለ ዝመደብና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተዘይኮይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ወኪልና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣቶ የሃንስ ገብረእግዚኣብሄር +1

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

# Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Concrete mixer truck operator** |
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | **Based at Koka a Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Project Supervisor** |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | **The concrete mixer truck driver is primarily involved in the transportation of mixed concrete from the batching plant to the applicable construction site.**<br>**The driver will operate and maintain a large, specialized vehicle and have significant responsibilities related to safety and efficiency.** |
| **Duties:** | • Operating large-scale trucks in mining environments<br>• Transporting mixed concrete from batching plant to construction sites.<br>• Conducting regular pre- and post-operation vehicle inspections and keeping truck clean and tidy.<br>• Performing basic maintenance and repairs on dump trucks<br>• Adhering to all safety protocols and guidelines to maintain a safe work environment<br>• Communicating with team members and supervisors to coordinate tasks and report issues<br>• Good communication skills to effectively interact with colleagues, supervisors and other members of the mining team.<br>• Follow all safety guidelines and procedures, including traffic rules.<br>• Monitor truck for any issues and report any necessary repairs to supervisors. |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | ▪ High school diploma or equivalent.<br>▪ Read and write English language. |
| **Working Experience – Nature & Length** | ▪ Three years' experience on driving heavy duty truck |
| **Other skills and abilities** | ▪ monitor the truck's operation.<br>▪ Problem-solving skills to quickly identify and respond to any operational issues that may arise with the truck.<br>▪ Strong understanding of safety procedures and regulations related to mining operations.<br>▪ Ability to follow instructions accurately and attentively |

**Salary: According to Company's salary scale.**

**Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled their National Service obligations and providing evidence of a release paper from the Ministry of Defense—present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the ZARA MINING SHARE CO **P. O. Box 2393**. Asmara, .

**Note to Eritrean applicants**: - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs **P.O. Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272**

**Deadline** for application: 10 days from the day of announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ERITREA-SICHUAN MINERAL CONSTRUCTION CORP. LTD.

# Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Mineral Processing Engineer
**Department**: Commercial
**Number Required**: 01
**Contract Type:** Definite
**Place of Work:** ESMC Sites

**Major Duties and Responsibilities**

- Execute the full metallurgical accounting cycle for the processing plant, including daily, weekly, and monthly reconciliation of metal production, grade, recovery, and material losses across all process circuits.
- Validate and analyses metallurgical data from plant operations, laboratory assays, and inventory management systems to identify variances between planned and actual performance and conduct root-cause analysis for significant deviations.
- Conduct mass balance audits of plant operations to identify process bottlenecks, material losses, and inefficiencies, and recommend targeted process modifications to improve flow stability and recovery.
- Design, plan, and execute comprehensive bench-scale metallurgical test work programs, with a core focus on flotation test work (including rougher, scavenger, cleaner, and regrind circuit optimization).
- Lead and support the commissioning and start-up of new mineral processing plants, major process modifications.
- And other instruction given by line Manager/ immediate supervisor.

**Qualification and Other Skills**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | ❖ Bachelor's degree or above |
| Working Experience – Nature & Length | ❖ Minimum two-year experience in mineral processing |
| Leadership Experience – Nature & length of time | ❖ Leadership in Mineral Processing circuit design. |
| Other skills and abilities | ❖ AutoCAD<br>❖ Microsoft Office |

**Position**: Equipment Engineer
**Department**: Procurement
**Number Required**: 01
**Contract Type:** Definite
**Place of Work:** ESMC Sites

**Major Duties and Responsibilities**

- Troubleshooting & Root Cause Analysis: Diagnose complex mechanical, electrical, and control system failures. Lead Root Cause Analysis (RCA) to permanently resolve recurring equipment issues.
- Preventative Maintenance (PM): Develop and implement PM plans and schedules to extend asset lifespan and prevent unexpected production halts.
- Performance Monitoring: Set up Key Performance Indicators (KPIs) and utilize machine data and network solutions to monitor tool health and operational efficiency.
- Documentation & Compliance: Maintain equipment manuals, maintenance logs, and standard operating procedures (SOPs) to ensure strict adherence to industry and safety regulations.
- Vendor Collaboration: Coordinate with external equipment suppliers, contractors, and vendors to resolve escalations and procure spare parts efficiently.
- And other instruction given by line Manager/ immediate supervisor.

**Qualification and Other Skills**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | ❖ Bachelor's degree majoring in Equipment/ Mechanical engineering |
| Working Experience – Nature & Length | ❖ Minim 5 years of equipment engineering experience |
| Leadership Experience – Nature & length of time | 3 years of team leadership experience |
| Other skills and abilities | ❖ AutoCAD<br>❖ Microsoft Office |

**General Information and Other Requirement**

- Place of Work: ESMC Sites
- Salary: As per Company salary scale

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

**Required to send a copy of their application to the following address**
Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

**Note to Non-Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሻድሻይ ክፋል

## ጾፈት ስራሕ

> *“ዋላ ሓንቲ ከይሰራሕና ኣብ ትጸበት ክንጽመድ እንከለና፡ ግዜ ዝሑለፍ ኩይሩ ይስማዓና።”* **- ቶባ ቤታ**
>
> *“ግዜ መዐዚ ጥራይ ዘይኮኑ ንኹሉም ተመክሮታትና ቅርጺ ዘትሕዝ ኣውዳደባ እውን እዩ።”*
> **- ኤደመንድ ዘርል**

ብዙሓት ሰባት ብዙሕ ክብሪ ግዜ ክዘረቡ ይሰምዑ እዮም። የግዳስ ንመብዝሕትኦም ብዙሕ ግዜ ዕምቆ ዝበለ ኣፍልጦ የብሎምን። ንግዜ መን እዩ ፈጢሩዎ፧ ንሽካ ንናይ ገዛእ ርእሰኻ ግዜ ባዕልኻ ዲኻ ፈጢርካዮ፧ ዋላስ ካልእ ሰብ እዩ ፈጢሩልካ፧

“ግዜ ገንዘብ እዩ።” ዝብል መግለጺ እንታይ ማለት እዩ፧ ግዜኻ ገንዘብ ምኳኑ ንኸተረጋግጽ፡ ንግዜ ብኸመይ ኢኻ እትሕዞ፧ ብግዜኻ ክትሰርሖ እትደሊ፡ ዝያዳ ኣገዳሲ ነገር ንዓኻ እንታይ እዩ፧ ኩሎም እዞም ሕቶታት ምእንቲ ንሽካ ንግዜኻ ክትመጥጦ፡ ኣብ ግምት ከተእትዎም ዘሎካ ኣድህሮኻ ዝሓትቱን እዮም።

ንሽካ ኣብ እዛ ዓለም 75 ዓመታት ክትነብር ተመዲብልካ ኣሎ ኢልና እስከ ንሕሰብ። እዚ ኣስታት 657,000 ሰዓታት ወይ 39,420,000 ደቃይቕ ኣብ ዕምርኻ ምኳኑ እዩ። ንዘሎኩት መዓልቲ ናይ ሰሙንካ ብዝምጋም 3,900 ሰኑያት፡ 3900 ሰሉሳት፡ 3900 ረቡዓት፡ … ኣለዉኻ።

ኣብ እዚ ሕጂ እዋን ንሽካ ወዲ 37 ዓመት ኢኻ ኢልና እስከ ንወሰድ። ብድሕሪዚ 1,950 ሰኑያት፡ 1,950 ሰሉሳት፡ 1,950 ረቡዓት፡ … ተረፈናኻ ኣለዋ ማለት እዩ። ካብ 1950 ሰኑያት ክተርፉኻ 1950 ናቶፉ ክተርፉኻ ይምረጽ። እቲ ምንታይሲ፡ ግዜ ካብ ገንዘብ ንላዕሊ ኣገዳሲ ክቡር እዩ። ሓደ ሰብ ን1950 ሰዓታት ካብ ካልእ ሰብ ንላዕሊ ኣድማዒ ስራሕ ከበርክተሉ ከም ዝኽእል ዘማትእ ኣይኮነን።

ንግዜ እትመጥጠሉ እኹል መንገዲ ኣብ እቲ ዝተዋህበካ ግዜ ዝያዳ ብምስራሕ እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ 15 ደቓይቕ ክሰርሖ ዝኽእል፡ ካልእ ሰብ ኣብ 15 ሰዓታት ክሰርሖ ኣይክእልን እዩ። ብኸምዚ መንገዲ ከተዋልዶ እትኽእል ግዜ ቀሊል ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ንግዜኻ ከተዋልዶ ትኽእል እንተ ኴንካ ንገንዘብካ ተካውኖ ኣለኻ ማለት እዩ። ንግዜኻ ከተራብሖ ትኽእል ምኳንካ ትፈልጥ እንተ ኴንካ እምበኣር ንህይወትካ ብጽቡቕ ክትነብሮ ዘሎካ ዕድል ቀሊል ኣይኮነን።

ንግዜኻ ናይ ብሉጽ ክትርድኦ ከተማሓድሮ፡ ክትመጥጦን ክትጽምቖን እንተ ኴንካ ቅድም ቀዳድም ክንደይ ግዜ ኣብ ኢድካ ከም ዘሎ ክትፈልጥ ይግባእ። እወ ቅድም ቀዳድም ንግዜኻ ክትቈጻጸሮ ኣሎካ። ኣብ ክንዳኻ ኩይናም ግዜኻ ከማሓድሩልካ ንኻልኦት ሰባት ከተፍቅደሎም ከቶ ኣይግባእን።

ሰባት ብዙሕ ኣርእስቲ ግዜ ከልዕሉ እንተ ሰሚዕዎም፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ስራሕ ክንደይ ሰዓታት ከም ዘሕለፉ ክዛረቡ እንከለዉ፡ ምናልባት ብዙሕ ምምራር ከሰምዑኻ ይኽእሉ ይኾኑ እዮም።

ብዙሓት ሰባት ልዕሊ ንብር ሰዓታት ከም ዝሰርሑ ከዕልሉ ክትሰምዖም እንከለኻ፡ ብምግራም ዝኣክል ሰላቕ ክመልቆካ ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ክሳብ ክንደይ ሓደት ሰዓታት ኣብ ቦታ ስራሖም ከም ዝርከቡ ኣዳዕዳዕካ ስለ እትፈልጦም።

ገለ ሰባት ሰዓታት እናጸብጸቡን ቀጻሊ ሰዓት ምፍዳስ ምእካለን ዘይምእካለን ንምርግጋጽ ንሰዓታም ደጋጊሞም ብምምልካትን እዮም ዝሕልፍዎ። ዕውታት ሰባት ግዱ ንስርሖም እምበረ መጠን ስለ ዝዋግበሉ፡ ከም ሸልማት እዮም ዝቐጽሩዎ።

እቶም ናይ ብሓቂ ዕውታት ሰባት ንስራሖም ‘ስራሕ’ ኣይብልዎን እዮም። ንሶም ንስራሖም ‘ተማስጦ’ (passion) እዮም ዝብልዎ። ስለምንታይ፧ እቲ ምንታይሲ፡ ንኽዕወቱ ብዘኽእሎም መጠን እናተሓገዙ እዮም ዝሰርሑ።

እቲ ዝቐለለ መንገዲ ሚዛንካ እትሕልወሉ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ እትርከበሉ እዋን፡ ብዘወፋይነት ምስራሕ እዩ። እዚ እኹል ግዜ ክፈጥረልካ እዩ። ኣብ ርእሰኡ ድማ፡ ሸልማት ስራሕ ከም ዝሰማዓካ፡ ጽቡቕ ተመክሮ ክፈጥረልካ እዩ። ከም ዓወት እምበር፡ ከም ስራሕ ከም ዘይሰማዓካ ክንብረካ እውን ይኽእል እዩ።

ጥዑይ ሰብ እንተ ደኣ ኴንካ፡ ስራሕ ስለ ዘሎካ ክተማሰዋን ኢኻ ዘሎኻ። ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ ዘለኻሉ፡ ኣብ እተን ዝተዋህባኻ ግዜ ክሳብ ክንደይ ጸፋፍ ስራሕ ከም ዘበርከትካ ቀጻሊ ንገዛእ ርእስኻ ክትሓትታ ይግባእ። ንስራሕካ



ከም ውድድር፡ ከም ብደሆ ወይ ከም መዘናግዒ (fun) ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።

ግዜኻ ከተማሓድር ክትሓስብ እንከለኻን ሚዛንካ ክትሕሉ እንከለኻ፡ ቅድም ቀዳድም ክትገብሮ ዝግባእካ ንዓኻ እንታይ ዝያዳ ከም ዘርብሓካ ምልላይ እዩ። ኣዮናይ መዳይ ኢኻ ዓወት ከተመዝግብ ደሊኻ፧ ብኸመይ መጠን፧ ዝኣም ብምስራት ኣገዳስነቶም ስርዕካ ጽሓፎም። ካብኡ ንቲ ዘሎካ ጠቓሚ ግዜ ኣብይ ክትጥቀመሉ ከም ዘሎካ፡ ኣብ ምውሳን ውሓለ ክትከውን ይግባእ።

እቲ ኻልእ ኣገዳሲ ነገር ክትገብሮ እትኽእል፡ መዓልታዊ ንግዜኻ ኣበይ ከም እተሕልፎ ምምዝጋብ እዩ። ንፍሲ ወከፍ ካልኢት ዕሽሽ ክትብሎ የብልካን። እዚ ኣገባብ ንግዜኻ ኣበይ ተጠቒምካ ከም ዘለኻ ብንጹር ክርእየካ ይኽእል እዩ። ብድሕሪዚ፡ ንቲ ንብላሽ እተጠፍኦ ዝበርካ ግዜኻ ኣዮናይ መዳይ ክትጥቀመሉ ከም ዘሎካ ናይ ምምዕርራይ ስራሕ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

ገለ ንእሽቶ ልምድታትካ ተደማሚሮም ንዓወትካ ዋላ ሓንቲ ፋይዳ ከም ዘይብሎም ክትግንዘብ ኣሎካ። ገለ ሰባት ሽጋራ ክትክኹ ኢሎም ካብ ቤት ጽሕፈቶም ምስ ወጽኡ፡ ንሰዓታት ግዜኦም ዘጥፍኡ ኣለዉ። ካልኦት ጋሻ ክፋንዉ ኢሎም ካብ ቤት ጽሕፈቶም ምስ ወጽኡ፡ ብእኡ ኣቢሎም ዘይምለሱ ኣለዉ። ኣብ መንን ስራሕ ቴለቪዥን ምዕዛብ ዝበርሆም ውሑዳት ኣይኮኑን። ብወልፊ ማሕበራዊ መራኸቢታት ተሰሊፎም፡ ንቐንዲ ስራሖም ዕሽሽ ዝብሉ ድማ ብቑጽሪ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ ቦታ ስራሕ ዝጠፍእ ግዜ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን።

እቲ ንኽብሮ ግዜኡ ብዝግባእ ከማሓድር ዘይክእል ሰብ፡ ንግዜኡ ንሽንኑ ከም ዘጥፍኦ ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥር የብሉን።

## ሽቶኻ ምልዋጥ

ናይ ዝኾነ ሰብ ሽቶ ንሓዋሩ ከይተለወጠ ክቕጽል ኣይግባእን። ሓደ ሰብ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ሽቶታቱ ክልውጥ ወይ ኣብ ሽቶታቱ ምምዕርራያት ክገብር ይኽእል እዩ።

ኣብ ግዜ ንእስነትካ ዝነበረካ ሽቶ፡ ዕድመ እናደፋእካ ክትከይድ እንከለኻ ክትልውጦ ግቡእ እዩ። ካብ ሓደ ስራሕ ናብ ካልእ ስራሕ ኣብ እትቕይረሉ እዋን እውን ሽቶኻ ንኽትልውጥ ዝድርኹ ኩነታት ከጋጥሙኻ ይኽእሉ እዮም።

ሓደ ዓወት ምስ ኣመዝገብካ፡ ብእኡ ኣብልካ ኣይኮነትካን ኑቲ ሽቶኻ ክትቕጽሎ ዘሎካ። ናብ ካልእ ዝበረኸ ዓወት ዘሰጋግረካ ካልእ ሽቶ ኢኻ ክተውጽእ ዘሎካ።

ዝተፈላለዩ ነገራትን ሰባትን ናብ ዓለምካ ክኣትዉኻ ይኽእሉ እዮም። ኩሎም እዞም ለውጥታት፡ ንሽካ ኣብ ቀዳምነታትካ ቀጻሊ ለውጢ ንኽትገብር ዝጠልቡ እዮም።

ንሽካ ናብ ስራሕ ዓለም ክትኣቱ እንከለኻ ብዓልቲ ቤት ትኸውን ወላዲ ዘይክህልዉኻ ይኽእሉ። ክንዲ ዝኾኑ ዝበዝሐ ግዜኻ ኣብ ስራሕ ዓለም ከተሕልፎ ዕድል ይፈጥረልካ። ተመርዒኻ ብወላዲ ክትሰድር ምስ ጀመርካ ግዱ ኣብ ስራሕካ ጥራይ ከተተኩር ዕድል ኣይህልወካን እዩ። ብዓልቲ ቤትካን ደቅኻን እኹል ግዜ ክትህቦም ክሓትቱኻ እዮም።

ብፍላይ ደቅኻ ትምህርቲ ምስ ጀመሩ፡ ኣብ ትምህርቶም እትሕግዘሉ እኹል ግዜ ክትምድብ ግድነት እዩ። ክንዲ ዝኾኑ ኑቲ ኣቐዲምካ ዝበርካ ማሰርዕ ቀዳምነታትን መደብ ግዜን ክትከልሶ ኣሎካ።

ሚዛን ስራሕን ስድራ ቤትን ብልክዕ ብኸመይ ክሕሎ ከም ዘለዎ ክትመክር ወይ ክትምዕድ ኣጸጋሚ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ኩሉ ስራሕ ሓደ ዓይነት ኣይኮነን። ገለ ስራሕ ምስ ገዛኻ ቀረባ ስለ ዝኾነ ንስድራኻ ብቐሊሉ ክትኣሊ ዕድል ዝፈጥር እዩ። ገለ ስራሕ ግዱ ካብ ስድራ ቤትካ ዝርሕቑ ከተማ ኣዝዩ ዝረሓቐ ስለ ዝኾነ ሃገብሮኻ ንኽትነብር ዝቕስበ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ንደቅኻ ቀጻሊ ኣለይመለይ ክትብል ከም ዝኽበድ ከም ርዱእ ክወሰድ ይከኣል እዩ።

ኩለን ስድራ ቤታት እውን ሓደ ኣይኮናን። ገለ ስድራ ቤታት ብዙሓት ቈልዑ ስለ ዝወለዳ ብእኡ መጠን ካብ ወለዲ ዝጠልብኦ ግዜ ክፈላለ ይኽእል እዩ። ሓደ ቈልዓ ዝወለደ ወላድን ዓሰርተ ቈልዑ ዝወለደ ወላድን ንስድራ ቤቶም ዝህብዎ ግዜ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ብዙሓት ቈልዑ ምውላድ ካብ ስራሕካ ክሽንቅጹኻ ይኽእሉ እዮም። ንሽካ እንተ ኴይካ ግዱ ኣብ ስራሕካ ዝያዳ ዓወት ንኸተመዝግብ ከም ድርኺት ክኸውኑኻ ይኽእሉ እዮም። እቲ ምንታይሲ፡ ንገዛእ ርእሰኻን ንዐኦምን ኢልካ ስለ እትሰርሕ።

ገለ ሰባት ጠንቂ ኣብ ስራሖም ዝፈሸለሉ ንስድራ ቤቶም ከሞጉሉሎም እንከለዉ፡ ኣብ ትዕዝብቲ ከም ዝኣትዉ ዘለዉ ኣይርድኦምን እዩ። ንኣብነት ገለ ወለዲ “ኣነ እኮ ብዙሓት መጽሓፍቲ መንበብኩ ነይረ። ብዙሓት መጽሓፍቲ እውን ምደረስኩ ነይረ። እንተኾኑ ንደቀይን ብዓልቲ ቤተይን እኹል ግዜ ክህብ ክብል ካብ ብዙሕ ክዕወተሉ ዝኽእል ዝበርኩ ዓውዲ ሮኺረ ኣለኹ።” ክብሉ ይሰምዑ እዮም።

እዚ ጽቡቕ ምኽኒት ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ንሽካ ንፋዕ ኣንባቢ መጽሓፍቲ እንተ ኴንካ፡ ደቅኻ ዋላ ሓደ ሰብ ከየገደዶም ኣብ ጎድንኻ ኩይናም መጽሓፍቲ ከንብቡ እዮም ዝጸንሑ። እቲ ምንታይሲ፡ ቈልዑ ኑቲ ወለዶም ዝገብርዎን ዝሰርሕዎን እዮም ዝፈትዉ። ንሽካ መጽሓፍ ክትደርስ ኢልካ እንተ ተበሊስካዎም ደቅኻ ኣብ ትምህርቶም ዝያዳ ፈጠራውያን ንኽኾኑ ብቐጥታ ኢኻ እትሕግዞም። ደቅኻ እግሪ እግርኻ እናኸዱ ኣብ ትምህርቶም ይኹን ካልእ ባህርያቶም ጽቡቕ ክሰርሑ እንከለዉ ድማ፡ ንዓኻ ዝያዳ ዓወት ንኸተመዝግብ ይደርኹኻ።

ኣብ ህይወትና ይኹን ኣብ ስራሕና ቀጻሊ ጸገማት ከም ዘጋጥመና ርዱእ እዩ። እቶም ጸገማት ግዱ ከዕርክሹና ኣይግባእን። ብመንጽሩ እኳ ደኣ ንሕና ኣብ ምፍታሕ እንገብሮ ጻዕሪ ዝያዳ ወጻኢታውያን እዮም ዝገብሩና።

ንግዜና ብዮበእ ክንቈጻጸር እንተ ኽኢልና፡ ንጸገማትና ብእኡ መጠን ኣብ ምቍጽጻርም ኣይንጽገምን ኢና። ቀዳምነታትካ ዝያዳ እናሰርዕካ፡ ዝያዳ ጸፋፍ ስራሕ ምስ እተበርክት፡ ዓወትካ ቀጻሊ ይዕዘዝ እሞ፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ክብ እናበለ ይኸይድ።

ንሽካ ኅይታ ግዜኻ ምኳንካ ዘይምኳንካ ኣረጋግጽ። ኅይታ ግዜኻ እንተ ደኣ ዘይኴንካ፡ ጸገምካ ኣበይ ምህላዉ ናብ ምምርማር ኣምርሕ። ጸገምካ ምስ ኣለለኻ እቲ ፍታሕ በርሖው ኢሉ ክረኣየካ እዩ።

ኣብ ስራሕካ ዝያዳ ብምድኻብ ዝለዓኑ ዝጸፈፈን ስራሕ ብዘበርከትካዮ መጠን፡ ንግዜኻ ብዝበለጸ ከተማሓድሮ፡ ክትቈጻጸሮን ቀዳምነታትካ ክትሰርዖን ከኽእለካ እዩ። ከምዚ ንምግባር ዝሕግዘካ ስ ፍልጠታዊ ቀመር ምእላሽ ኣየድልየካን እዩ። ዓወት ንኽትጭብጦ ብዘወፋይነት እንተ ደኣ ኣንቂድካን ንግዜኻ ክትቈጻጸር እንተ ተሰማሚዕካ፡ ንኹሉ ካልእ ዘድልየካ ኣብ ማስርሕ ከተማሓርርዮ ከቶ ኣየጸግመካን እዩ።

ንግዜኻ ብኸመይ ክትጥቀመሉ ከም ዘሎካ ክትውስን ይግባእ። ኣብ እቲ እትፈጥረሉ ዓውዲ ስራሕ ጉብለል ኴንካ ምእንቲ ክትወጽእ፡ ንፍሲ ወከፍ ካልኢት ክትእዝዞ፡ ክትቈጻጸራን ክትጽምቚን ሓላፍነት ኣሎካ። ኣብ ስራሕካ ዘይሃስስ እወታዊ ኣሰር ክትገድፍ እንተ ኴንካ፡ ኣብ ጾፈት ስራሕካ ዝያዳ ምትኳር ከድልየካ እዩ።

ንኣቦት ስድራ ቤትካ፡ መሳርሕትኻ፡ ዓርኩመሓዙትካ፡ … ኑቲ ንሽካ እትህቦ ቀዳምነታት ብንጹር ግለጸሎም። ከምኡ ክትገብር እንተ ዘይክኢልካ፡ ኩሎም ቀረብትኻ ናብ እቲ ንሰኦም ዝጥዕም ቀዳምነታት እናወጠጡ፡ ክመናዝኡኻ ይኽእሉ እዮም። ንሽካ ንግዜኻ ዘይተኽብር እንተ ደኣ ኴንካ፡ ካልኦት ሰባት ብግዜኻ ንኽጻወቱ ዕድል ተርሒወሎም ኣለኻ ማለት እዩ።



> *“ክሳብ ንገዛእ ርእስኻ እተኽብር፡ ንገዛእ ግዜኻ ኣይክተኽብሮን ኢኻ። ክሳብ ንግዜኻ ዘኽብርካ፡ ብግዜኻ ዋላ ሓንቲ ኣይክትሰርሕን ኢኻ።”*
> **- ሎት ፔክ**
>
> *“ሓደ ሰብ ምስ ግዜ እምበር፡ ኣንጻር ግዜ ክሰርሕ ኣይግባእን።”*
> **- ኣርስላ ለ ጉዩን**

ይቕጽል

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ክደልየካ

09 ሰነ 2025

21:15

ብጸይተይ ኣለኺዶ፧ ቅንያቱ ስምዒተይ ዝፈራረቐ፡ ምውሳን ክሳብ ዝስእን ዝኾንኩሉ'ዩ።

መሪቖ ከም ዘየፋነኹኻ ሕጂ ግን የጣዕሰኒ፣ "ንኣኺ ዝወሰደ ኣምላኽ ሂቡዎ፡" እናደጋገምካለይ ጸኒሑ ዝስቈራ ነይሩ፡ ግዲ ኣይሃብኩኻን። ንስደት ሕቖኻ ሂብካ መላሲት ዓዲኻ ክኸነካ ዝሓረኻኒ ብጸይትኻ፡ ሰኣን ምውሳነይ፡ ንኻልእ ሄዋን፡ ኣረ ናብ ትፈትዋ እምበር ዘይተፍቅራ፡ ኣሕሊፈ ዝሃብኩኻ ኰይኑ ይስምዓኒ ኣሎ።

ኣባኻ ዝነበረኒ ስምዒት ኪንዮ ምሕዝነት ክሰግር ኢለ ዘይመደብኩዎ፡ ኣብ ግዜኡ'ውን ክርድኣኒ ስለ ዘይከኣለ፡ "ዘይተፈልጠ" ኢለ ቊጽሪ ተለፎንካ መዝጊበያ። "ባዕለይ'የ ፋል ገይረ እብል'ሞ፡" ተመሊሰ ንነብሰይ እገንሓ። ከምዚ ዝኸውንዶ መሲሉኒ።

እንተ ሕጂ ምስ ዝኾነ ወዲ ዘይሓስቦ፡ ንባዕለይ'ውን ከይደዮ ዘይፈልጥ ቦታ ምሳኻ ክኸዶ፡ መርዓና ከይተረፈ ናይ ቀትሪ ሕልመይ ካብ ዝኸውን እዋናት ኣቑጺሩ።

"ኋል ብእዝና'ያ ተፍቅር፡" እንክሰምዕ ሕራይ ገበረት ኰይኑ መልሰይ። እቲ ምንታይ ካብ ጥዑም ምስማዕ'ሞ ዝበልጽ እንታይ ከይህሉ። ዝያዳይ፡ እቲ'ኳ ኣሕሊፍናዮ ዝበልካኒ ንኣይ ብሕውነት ንኣኻ ብዕርክነት ዝርድኣካ ዝነበረ ጥዑም እዋናት፡ ደጊምካ ክትመልሶ ክደልየካ'የ። መሓዙተይ ንኣኻ ኢለ ዝገጠምኩዋ ምስ ኣንበባ፡ "ናብ ፈጣሪኮ ኣጸጊዕክዮ እምበርዶ ሰብ'ዩ፡" ይብላኒ። ንኣይ ግን ምሉእ ኢኻ። ክሓስቦ ከለኹ፡ ከማኻ ገይሩ ብናጽነት ሓሳባተይ ዝርድኣለይ፡ ዘይነጽፍ እምነት ዘሎዎ፡ ሰላም ዝህበኒ የለን።

ሩት ኪሰሪ (ሳማራ)



## ቊሊሕ'ባ በል

22 ጥሪ 2025
ቀዳም 08 : 38 ድ.ቐ. – ኣስመራ



ግዜ፡ ግዜኡ ሓልዩ ደበኽ ክብል እምበር ንድሕሪት ቊሊሕ ክብል ርእየዮ ኣይፈልጥን። ክቐየር ዘይክእል ሕጊ ተፈጥሮ ምዃኑ ምዝኽኻር ዘድልየኒ ኣይኰነን። እናሓንሳእ ግን ከምኡ ብምዃኑ ኣዝዩ'ዩ ዘሕርቐኒ። ነቲ ዝተሓንኰለ፡ ነቲ ዝወደቐ፡ ነቲ ክትስእ ዘይከኣለ ዘገም ኢሉ ንምንታይ ዘየሳልዮም ኢለ እሓስብ። ነቲ ጋግ መመሊሱ እናኣግፍሐ ኣደዳ ድኻም ይገብረካ። ልዕሊ ዓቕምኻ ክትስጉም የገድደካ። ክሳብ ንምትንሳእ ሓይሊ ትረክብ፡ ቊሩብ... ቊሩብ እንተ ኣሳለየካስ እንታይ ይኸውን፧

ናበይ እዩ ዝሃጽጽ ክሳዕ ሕጂ ክምልሶ ዘይከኣልኩ ግድለይ እዩ። ምስ ነብሱ ክወዳደር ዝነብር ፍጥረት። ክሳዕ ሕጂ ምስኡ ክዳረግ ኢሉ ዝፈተነ፡ ኣብ ዕምረይ ምሉእ ኣይርኣኹን። ንኹሉ ኣላሽ የብሎ። ዝደፍኦ ዘውዲ መቃጽጽቲ ኣይረኸበሉን። ግዝኣቱ ከኣ ሰፊሕ።

ሳንዲተይ፡ "ሎሚስ ከኣ ገለ መጺኡኒ፡" ዶ ትብሊ ኣለኺ፧ ኣበይ እሞ ናይ ገዛእ ርእስኺ ስምዒት እንተ ዝህሉወኪ፣ ደቂ ሰባት ብዝቓንናኪ ዘይኰነስ፡ ብናትኪ ስምዒት እንተ ትጥዕምዮ፣ እንታይ ኮን ምበልኪ፧ ምሳና ኴንኪዶ ንግዜ ምሓመኺዮ ወይስ ምስኡ ኴንኪ ንኣና፧ ወይስ ማእከላይ መርገጺ ምሃለወኪ፧ እንድዒ በጃኺ ኢልናኪ፡ ከምኡ ዘብለካ እዋናት ኣብ ዙርያኻ ክበዝሕ ከሎ ኢሂናይ ደኣ ዘውቀስ ዘይተናዲ።

"ሸግራት መመሊሶም እናኸረሩኻ እንተ ከይዶም፡ ናብ ዓወት ከም ዝተቓረብካ ፍለጥ፡" ዝብል ጥቕሲ ኣሎ። ክኣምኖዶ፧ ምስ ምንዋሕ ናይ ፈተና ግዜ፡ ዋላ እቶም ዘድንቖም ዝነበርኩ ሰባት ክወድቁን ብእኡ ኣቢሎም ወዲቖም ክተርፉን ክርኢ ከለኹ እጉሂ። ግዜ ደንዳኒ፡ ኵሉ ገጻት ህይወትና እናገናጸለ ሰባት ኣብ ዝዕዘቡና መድረኽ የጋልጸና። ከምኡ ምስ ተረኽበ'ዩ ዝኸውን፡ "መምሃሪ ኣይግበርካ፡ መምሃሪ ኣይኽላእካ፡" ዝተመሰለ።

ሳንዲተይ፡ "ሕጂስ ከይዳታ'ያ!" ዶ ክትብልኒ ኣምሲኺ፧ ኣጆኺ፡ ንሎሚ'ዩ እምበር ክገድፈኒ'ዩ። እቲ ጽቡቕ ነገረይ፡ ንኣኺ እንተ ኣካፊለኪ ብድሕሪኡ ርስዕ'የ ዝብሎ። ደሓር ከኣስ እቲ ናይ ጽላል ወቕቲ'ውን ምጥዓሙ መኣስ ይጽላእ። ከይሰበለካ ግዳ ክነውሕ የብሉን። ከምኡ ከም ዝኸወን'ውን ግዜ እንደኣሉ ኣርእዩኒ።

ሳንዲተይ፡ ትዝክሪ ዲኺ ሓደ ግዜ "ግዜ መሻረዊ!" ክብሎ ከለኹ፡ "ምስ መን ኣሻርዩ፧" ክትብልኒ። እንድዕሉ! ሕጂ'ውን ንጹር መልሲ የብለይን። እስከ ሓቂ ተዛረቢ፡ ንራህዋ ጨቢጥናያ ኢልና ሩፍታና ኣስተማቒርና ከይወዳእናና፡ ምስ ሸግር ረጥሪጥና ክኸይድ ኣይተዓዘብክን ዲኺ፧ ኣየ ንስኺ፡ እምበኣር ሕጂስ ከኣ "ጥዑም ኣይምኖን እዩ፡" ኢልክኒ፣ ይኹነልኪ።

"ንኹሉ ግዜ ኣሎዎ፡" ከም ዝተባህለ፡ ክረምቱ ኣሕሊፉ፡ ኣብ ናይ ህጡር ቀውዒ ወቕቱ ዝበጽሐ ሰብ ክንርኢ ሓድሽ ተርእዮ ኣይኰነን። ዝሓለፎ ጉዕዞ ትፈልጥ እንተ ኴንካ ከኣ ይትረፍ ፈታዊኡ ኵሉ ኣድማስ ምስኡ ክሕጐስን ክዘልልን ትምነየሉ። ከም ወዮ "ግዜኣ ዝሃባ ሓምሓምሲ እምኒ ትሰብር፡" ዝተባህለ፡ ወዮ ዝሓለፈሉ ትንፋስ ሰብ ክሳብ ዝሓልፍ ብትዕቢት ተወጢሩ ሰብ ክረግጽሲ መኣስ ዘየጋጥም ኰይኑ። "ኣ...ሃ... እዚ'ውንዶ ግዜ'ዩ ኣምጺኡዎ!" ኢልካ ትግረም። ከምኡ ኢሉ ዝነብር ወቕቲ ስለ ዘየለ ግን ጽባሕ ንግሆ ወቕቲ ክረምቲ ምስ ተመልሶስ እንታይ ኮን ክብል ይኸውን፧ ግዜ ሓያል ቀልጽሙ ዝጠውዮ ክሳዕ ዘይተረኽበ፡ እቲ ዑደት ከምኡ ኢሉ ይቕጽል።

ሳንዲተይ ቅጭን፡ ኣይትገረሚ! ደቂ ሰባት ከምኡ ኢና። ንግዜ ገለና ንምርቓ፡ ገለና ንረግሞ፡ ገለና ነመስግኖ፡ ገለና ነማርሮ... እዚ'ሞ ይግድሶዶ ንእኡ! ክሰምዓና ኢሉ ደውሲ ይትረፍ ዘገም'ኳ ኣይብልን። ሰሚዑ ከም ዘይሰምዐ ኣስቅጥ! ንንኣዶ ንንቀፎ ኣብ በይንና ክተርፍ እምበር ክልጠፎ ኣይርኣናን። ንናህሩ፡ ደፊኡ ኣየወሰኾ ጕቲቱ ኣየዝሒሎ።

"ግዜ፡ ንዓ'ባ ምስ'ቶም ብዓወትናን ሓጐስናን ንዘልል ዘለና ሓንሳብ ዝለል። በጃኻ ሓጐስና ክትካፈል ኣብ ዳስና ዕሰል። ግዜ፡ ንዓ'ባ ነዞም ዝወደቕናን ዝተዓንቀፍናን ምልስ ኢልካ ኣልዕለና። ምጽባይስ ከኣ ይትረፍካ፡ ክሳብ ነርክበካ ዘይተሳልየና፧ ተሰኪምካዮ ዝመጻእካ ራህዋን ጭንቅን ደው ኢልካ እንተ ትካፈሎ ጽቡቕ እዩ ነይሩ። ሓጐስ ኣየቕንኣካ፡ ጓሂ ኣይስምዓካ ስምዒት ኣልቦ ዝኾንካ ፍጥረት። ኣይጨካን ኣይለዋህ፡ ኣይምሩቕ ኣይርጉም ኴንካ በየን ከም ዝገልጸካ ጨኒቑኒ ኣሎ፡" ዝበልኩዎ እዋን ውሑድ ኣይኰነን።

ግን ከኣስ ሳንዲተይ፡ ከም ናትና ስምዒት እንተ ዝህሉዎስ ህይወት ከመይ ምኾነት፧ ግዜ፡ ክዘናጋዕን ፎቐዳኡ ሸናዕ ክብልን ነቶም ቀልጢፉ ክሓልፈልና እንደልዮ ሰባት ፋዕራናዶ ምገበረ፧ ዋላስ ከምዚ ከማና ካብ ዘንጠጠየና ደበና ጓሂ ጋሊሁ ምውጻእ ምሰኣነ፧ ስምዓኒ እስከ ንስኻ ግዜ... ንኣኻ እንድየ... እናሰማዕካኒ ኣይተሰቅጥ፣ መልሰለይ እባ! ኦይ... ድሮ'ውን ኣነ ምሳኻ ይዛረብ ንስኻ ግን ኣግድኻ፡ ክንደይ ሓሊፍካኒ እርእየካ ኣለኹ። ደው መበሊት ዝተፈጥረትልካ ኣይመስለንን። ንስኻ ሓቅኻ፡ እንታይ ዘይገበርካ። ካብ ግዜይ እምበር ካብ ግዜኻዶ ይቑርመም ኣሎ ኰይኑ! ደሓን ሕደሪ ግዳ ሳንዲተይ።

ኣስቴር የማነ (ሳማራ)

## ተሳዒረ ድየ

ሕዳር 2023

እንታይ እኸውን ኣለኹ ክርድኣኒ ኣይከኣለን። ልሳነይ ኣንጻር ድምጺ ልበይ እና'ቃልሐት፡ ሰቕ ኢለ ከም ዘይሰማዕኩ፡ ሎሚ ኣብቲ ኣእውየ ረዳኢ ዘይረኽበሉ ተዛሪበ ዘየድማዓሉ፡ እናሻዕ ተርባጽ ውሽጠይ ክዛይድ ይፍለጠኒ።



ልግዐ ቃላት ምስ ልግዐ ፍ ቕ ሪ ተ ሓ ሲ መ እየ። እወ ነቲ ዘይከውን ክ ኾ ነ ለ ይ እናተመነኹ ኣብ ኢደይ ዝጨበጥኩዎ ፍቕሪ ግን ቊሊሕ እኳ ኣይበልኩዎን። ንሱ ንኣይ ከእምን፡ ኣነ ብፍቕሪ ካልእ ክማስን፡ ክልተና ሓሳብና ዘይሰመረልና ናይ ፍቕሪ ውጹዓት ኢና። እቲ ፍቕረይ ብሂጉ ናቱ ክኸውን ዝተመነየ ግን ኣይፈልጦን እዩ። እዋይ እንተ ዝፈልጥ እንታይ ኮን ምበለ፧ እቲ ንዓመታት ዝዃሕኵሖ ልበይ፡ ኣበደን ኢሉ ፍቕሪ ተሓሲሙ "ንፍቕሪ ኣይፈልጦን" ከም ዘይበሎ፡ ሕጂ ካልእ ኣፍቂረ እንተ ኢለዮ እንታይ ኮን ይብለኒ ይኸውን፧ እንድዒ።

ሎሚ ሎሚ ግን ካብ ምስ ዘፍቅሮ ምስ ዘፍቅረኒ ክነብር ወሲነ ኣለኹ። እንተ ተፈቒረ ምፍቃር ምኽኣል ዝስእኖ ኣይመስለንን። ተሳዒረ ድየ ወይስ እቲ ክኸውን ዘሎዎ እዩ ኰይኑ፧

ፌሩዝ እስቲፋኖስ
ሜካ -74 ጕጅለ ባህሊ ኣሉሊ

## ህያው ብዓይነይ

14 ጥቅምቲ 2015
ዝባን ደብሪ

ብስራሕ ንኣስታት ሰለስተ ሰሙን ዝኸውን ካብ መንደፈራ ንየማን ኣስታት 72 ኪ.ሜ. ርሒቓ ትርከብ ዝባን ደብሪ ትብሃል ዓዲ ተንቀሳቒሰ። መገዱ ናይ ሓመድ ጽርግያ እዩ፣ ብዓበይቲ ጎቦታትን ኣጻድፍን ዝወጽአ ምስ ምዃኑ፡ እቲ ተፈጥሮኣዊ ጽባቐኡ ጽቡቕ ገይሩ ይርኣየካ። ጽባቕ እቲ ጎቦታት ብላዕልን ታሕትን እንክትርእዮ፡ ምስ ዝተፈላለየ ኣግራቡን ዓበይቲ ኣእማንን ሓዋዊስካ፡ ወሃ ዘበለ ቀባኣይ ዝሰኣሎ እምበር ህያው ኣይመስለካን።

ኣብቲ ዓዲ ምስ ኣተና፡ ዝባን ደብሪ ዓባይ ዓዲ ምዃና፡ እቲ ብዝሒ ገዛውቲ፡ ዝተሃንጸ መዋዕለ ህጻናትን ሕክምናን ርኢኻ ምፍላጥ ኣየጸግምን። ካብ ኵሉ ባህ ዝበለኒ ነገር፡ እቲ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ኣብ ኤክስፖ ጥራይ ዝርእዮ ዝነበርኩ፡ ካብ ህጻናት እግሪ ተኺሊ ኣቲሕዝካ ክሳብ ኣረጋውያን ምርኩስ ዝሓዙ፡ ነናቱ ትርጉም ዘሎዎ ዝተፈላለየ ቊኖ ብህያው ተዓዚበዮ። ዝበዝሓ ጋመ ዝተቘነና ብርሑቕ መስ መስ ዝብል ልኻይ ንርእሰን ኣተርኪሱዎ፡ ምስ ሸፎነን እንክትርኢ እንከለኻ፡ ናብቲ ናይ ቀደም ክቡር ባህልና ብኣጋጣሚ ዝተመለስካ ኰይኑ ይስምዓካ። ምስቲ ነፍሲወከፍ ሰብ "ንዓ ብላዕ ስተ፡" ዝብለካ ደሚረ፡ ጭዋ ባህልን ጭዋ ኣለባብሳን ከም ዘሎና ርእየን ተሓቢነን።

NA2 ወዲ ትኩእ ሳን 78

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ናብ ፍጻመ በጺሐን

ሻምፕዮን 2025-2026 ካልኣይ ዲቪዝን ደቂ ተባዕትዮ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ቀዳም 4 ሓምለ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ኣብ መንጎ ኣኽርያን ኩባንያ ህንጻ ሳዋን ኣካይዱ።

ፈለማ ደንደን 'ቢ' ምስ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ተራኺበን። ክልተኤን ንዘተዋህበን 90 ደቒቓን ተወሳኺ 30 ደቒቓን ብዘይ ሸቶ ድሕሪ ምዝዛመን ናብ ፍጹም ቅላዕ እየን ኣምሪሐን። ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ድማ 4ብ1 ብምስዓር ናብ ፍጻመ ሓሊፋ። ርብል ሃብተማርያም ናይ ሳዋ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂላ።

ቀጺለን ኣኽርያን ጉዳይፍን ተጻዊተን። ኣኽርያ ዛጊት ከይተሳዕረት ትግስጋስ ዘላ ኮይና፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ንደንደን 'ቢ' ስዒራ ዋንጫ ሰሜእታት ምልዓል ይዝከር። ኣብዚ ጸወታ'ውን ኣኽርያ 1ብ0 መሪሓ እኳ እንተወጸት፡ ኣብ መወዳእታ ማብል 90 ደቒቕ ጉዳይፍ ብዘመዝገበታ ሸቶ ግን 1ብ1 ኮይነን። ኣብ ተወሳኺ 30 ደቓይቕ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ድማ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን። ሓላዊ ልዳት ኣኽርያ እሰይ ሃብተየም ኣርባዕተ ኩዓሶ ብምምካቱ ንጋንታኡ ደርጊ ኮይኑዋ፣ ኣኽሪያ 2ብ0 ተዓዊታ ናብ ፍጻመ በጺሓ። ሓላዊ ልዳት ኣኽርያ እሰይ ሃብተየም ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።





ዝመጽእ ቀዳም ደንደን 'ቢ' ምስ ጉዳይፍ ንደረጃ፡ ከምኡ ድማ ኣኽርያ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ንዋንጫ ክጻወታ እየን።

ብዘይካዚ፡ ዓርቢ 5 ሓምለ ሊግ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣብ ዝተሰላሰለ ውድድር፡ ደንደን ንገጀረት ብምስዓር ቅድሚ ሓደ ጸወታ ሻምፕዮን ምዃና ኣረጋጊጻ።

ደንደን ምስ ገጀረት ኣብ ዝገበራ ጸወታ፡ ሻምፕዮን ንምዃን ዘኽእላ ብምንባሩ፡ ብኢጋኡ ናብ ረብሓኣ ንምቕያር ኢያ ተጓይያ። ቅድሚን ድሕሪን ዕረፍቲ ብዘመዝገበተን ኣርባዕተ ሸቶታት ድማ፡ ብገፊሕ 4ብ1 ተዓዊታ። ንኢንሹራንስ ብሓሙሽተ ነጥቢ በሊጻ ድማ፡ ሻምፕዮን ምዃና ኣረጋጊጻ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ቲ ግጥም ኣባል ደንደን የርዳኖስ ካሕሳይ ተጻዊዓ።

ቀጺለን ዕዳጋ ሓሙስን ምምሕዳር ሰሜባልን ተጻዊተን። ምዱብ ግዜ 0ብ0 ብምዝዛሙ ከኣ ነጥቢ ተማቒለን ወጺአን። ቅሳነት ዓንዶም ካብ ዕዳጋ ሓሙስ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይታ ጸወታ ተባሂላ።

ኣብዚ ዝተኻየደ 11 ጸወታታት ደንደን ብ33 ነጥቢ፡ ኢንሹራንስ ብ28፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ብ22፡ ገጀረትን ጉዳይፍን ብሻሞንተ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ብሸዱሽተ፡ ምምሕዳር ሰሜባል ድማ ብኣርባዕተ ነጥቢ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻውዓይ ተርታ ሒዘን ምህላወን ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

---

## ሃገራዊ ውድድር ባድሚንቶን ትሕቲ 19 ዓመት ተዛዚሙ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ዝፈለመ ሃገራዊ ውድድር ባድሚንቶን ትሕቲ 19 ዓመት፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ባድሚንቶን ኣብ ጅምናዝዩም ሃማመተኤ መጋረጃኡ ዓጺዩ።

ኣብቲ ስነ ስርዓት ኣብ ንጽል ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓያት ኢብራሂም ካብ ዞባ ማእከል፡ ሄርሜላ ብርሃ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ሰልሻና ኤርሚያስ ካብ ዓንሰባ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዕውታት ብምዃን ተሸሊመን። ኣብ ንጽል ደቂ ተባዕትዮ ራኤል የናስ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ እያቤድ መድሃኔ ካብ ዞባ ማእከል፡ ኒምሮድ መሓሪ ድማ ካብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብቐደም ተኸተል ዕውታት ኮይኖም።

ድርብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘካየዳኦ ውድድር ድማ፡ ሓያት ኢብራሂምን ሊላና ከሰተን ካብ ዞባ ማእከል፡ ሄርሜላ ብርሃነን ደባብ የናስን ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ሰልሻና ኤርምያስን ሪና ምስጥናን ካብ ዞባ ዓንሰባ ተዓዊተን።

ድርብ ደቂ ተባዕትዮ ራኤል የናስን ቅዱስ የናስን ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ኤልሻዳይ ሙሴን ኢያቤድ መድሃኔን ካብ ዞባ ማእከል፡ ብርሃ ኣሮንን ራይሞን ዘሚከኤል ምስጥናን ካብ ዞባ ዓንሰባ ዕውታት ብምዃን ገዝዐዊን ዓይነታዊን ሽልማት ወሲዶም።

ድርብ ሕውስዋስ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቅዱስ የናስን ደባብ የናስን፣ ካብ ዞባ ማእከል ኤልሻዳይ ሙሴን ሊሊና ከሰተን፣ ካብ ደ/ቀ/ባሕሪ ብሩኽ ሰለሙንን ፍትሓዊት ገርጃን - ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ተዓዊቶም።

ኣብዚ ክካየድ ዝቐነየ ውድድራት ብደቂ ኣንስትዮ ተጻወትቲ ዞባ ዓንሰባ ሰልሻና ኤርምያስ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ ነቢ ፋኑስ ካብ ዞባ ደቡብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ተባሂሎም ወርቂ መዳልያ ተሸሊሞም። ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዘርኣየቶ ስፖርታዊ ደስታኒን ድማ ዝበለጸት ዞባ ተባሂላ ናይ ምስክር ወረቐት ተዋሂብዋ። ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጉብለል ብምዃን ዓብይ ዋንጫን ሰርቲፊኬትን ተዓዲላ።



---

## ፒደርሰን ንራብዐይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ተዓዊቱላ

ንመበል 113 ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ዙር ፈረንሳ 2026፡ ትማሊ ሰሉስ ራብዓይ መድረኽ ውድድራቱ ኣሰላሲሉ። እቲ 181.9 ኪሎ ሜተር ዝሸፈነ መድረኽ፡ ኩርባታት ዘጠቓልል ካብ ካርካሶን ተበጊሱ ኣብ ፎይክስ ዝዛዘም እዩ ነይሩ። እዛ መድረኽ ነቶም ኣብ ዓቐብ ዘድምዑ ተቐዳደምቲ ተርብሕ ኣርባዕተ ተረርቲ ዓቐብ ኣጠቓሊላ 2700 ሜትሮ ብራኽ ዝበራ ጽንክርቲ መድረኽ ኮይና ኢያ ቀሪባ። ኣብ ማብል 64.9 ኪሎ ሜተር ኣብ ዝተኻየደት ቅጽበታዊት ውድድር፡ ኣሌክስ ሞልኒር ካብ ካኛ ሩራል ክልተ ነጥቢ፡ ከምኡ'ውን ስተንዝሰር ጆርግ ካብ ኢኤፍ ኢዱኬሽን ሓንቲ ነጥቢ ከሲቦሞ።

ቀጺሉ ኣብ 93.4 ኪሎ ሜተር ዝተኻየደት ቅጽበታዊት ውድድር፡ ቢንያም ግርማይ ቀዳማይ ብምውጻእ 25፡ ጃስፐር ፍሊፕሰን 20 ከምኡ'ውን ማድስ ፒደርሰን 16 ነጥቢ ረኺቦም።




ድሕሪዛ መድረኽ ኣብ ዝቐጸላ 88 ኪሎ ሜተር ክልተ ተረርቲ ዓቐብ ብምንባረን ተጻወትቲ ኣብ ጉጅለታት ክከፋፈሉ ተራእዮም። ኣብ ዝሰዓባ ክልተ ቅጽበታዊ መድረኻት ድማ ጃን ትራትኒክ፡ ማቲያስ ቫክ ከምኡ'ውን ኣሌክስ ሞልኒር ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ክልተ ነጥቢ ክረብሑለን እንከለው፡ ኣብ ካልኣይቲ ድማ ማርኮ ፍሪጌ፡ ፓብሎ ካስትሪሎን ራምሰስ ደብረዩን ብተመሳሳሊ ነጥቢ ከሲቦም።

ኣብዛ ብማእከላይ ገምጋም ናይ 10% ምንቅዕራር ዓቐብ ዝበራ ራብዐይቲ መድረኽ ድማ ተቐዳዳማይ ክሉብ ሊድል ትሬክ ማድስ ፒደርሶን ኣብ መወዳእታ ሒደት ሜትሮ ብዝካየዶ መጥቃዕቲ ብ4 ሰዓትን 10 ደቒቓን 45 ካልኢት ዕዉት ኮይኑ። ፒደርሰን 103 ነጥቢ ብምውህላል፡ ካብ ፖጋቻ ንቐጠልያ ማልያ ተረኪቡ መሪሕነት ክሕዝ እንከሎ፡ ፖጋቻ ብ55፡ ቬንገጋርድ ብ44፡ ሲሞንስ ብ42፡ ኢሳቕ ደል ቶሮን ቢንያም ግርማይን ብተመሳሳሊ ብ39 ነጥቢ ክሳብ ሻዱሻይ ተርታ ተሰሪዖም ኣለው። ብጫ ማልያ ድማ ቶርስቴን ካብ ጋንታ ዩኖ ኤክስ ሞባሊቲ ለቢሱዋ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ክኣቱ እዩ።

ሓሙሻይቲ መድረኽ ዙር ፈረንሳ ሎሚ ረቡዕ ካብ ላኑመዛ ተበጊሳ ኣብ ከተማ ፓዩ ትዛዘም 158 ኪሎ ሜተር እትሸፍን ናይ ጎልጎል ውድድር ኢያ። በዚ ድማ ንከም ብዓል ቢንያም ግርማይን ፍሊፕሰንን ዝኣመሰሉ ተቐዳደምቲ ዝያዳ ከተርብሖም ትጸበ ይግበር።

---

## ውድድር ፈደረሽን ባይታ ተኒስ "ኣስመራ ኦፕን" ዞባ ማእከል ፈሊጡ

ውድድር ኣስመራ ኦፕን፡ 3 ሓምለ 2026 ሰሩዕ ውድድር ጀሚሩ። ውድድር ኣስመራ ኦፕን 2026 ብገጽል ናይ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብቕዲ ምድባዊ ዙርያን ኣውዲቕካ ምሕላፍን እትካየድ ውድድር እያ። ውድድር ኣስመራ ኦፕን 2026 ኣብ ሓንቲ ምድብ ደቂ ተባዕትዮን ሓንቲ ምድብ ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ዕለታት 29ን 30ን ሰነ 2026 ናይ ቅድመ ምድላዋት ግጥም ድሕሪ ምኻያድ፡ ሰሩዕ ውድድራት ድማ ካብ ዕለት 03/07/2026 ክሳብ ዕለት 12/07/2026 ኣብ ክሊብ ማሕበር ተኒስ ኣስመራ ኣብ ምኻያድ ይርከብ።

ብረቡዕ 3 ሓምለ ኣብ ዝገበረ ውድድር፡ ናይ ደቂ ደቂ ተባዕትዮ ዝተረኽበ ወጽኢት ድማ፡ እፍሬታ ግርማይ ንእሰይ ገ/እግዚኣብሄር 2ብ0፡ ኢታኽልቲ ገብሩ ንጾሲያስ ደሳለ 2ብ0፡ ከምኡ'ውን ተስፋይ የሴፍ ንኬብሮን ሰለሞን 2ብ0 በለጽም ንውድድራት ተዓዊቶምለ።

ድሒሩ ዝቐጸለ ጸወታ ድማ ኬብሮን ፍቓድ ንርብል ሃብተማርያም 2ብ0፡ ኩሩብል ብርሃ ንእስራፌል ብርሃ 2ብ0፡ ከምኡ'ውን ሚልኪያስ ሚካኤል ንመተሃላልኽቱ ዳን ሳሙኤል 2ብ1 ሰዒሩ ዕወት ኮይኑ።

ዝ ሰዒቡ ኣብ ዝቐጸለ ውድድር ከኣ ማትያስ በረኸት ንናኦድ ረዘ 2ብ1 ክዕወተሉ እንከሎ፡ ሲም ምስጥና ንራሚ ሰራጅ፡ ኪብሮም ተሸመ ንጳውሎስ ርእሶም፡ ኤሰርም ኣንገሶም ድማ ንናሆር ተኽለኣብ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ0 ሰዒሮም።



ውድድር ጀሮ ማለት ብራውንድ ሮቢን ክሳብ 9 ሓምለ ዝቕጽል ኮይኑ፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ምድብ ቀዳማይን ካልኣይን ኮይኖም ዝተዓወቱ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ውድድር ክህልዎም ምዃኑ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

---

## ሮናልዶ ጉዕዞኡ ይቕጽልዶ ይኸውን፧

ክርስትያኖ ሮናልዶ ድሕሪ'ቲ ሃገሩ ኣብ ዙር 16 ኣውዲቕካ ምሕላፍ ብስፐ 1ብ0 ምስዓራ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ከዋኽብቲ ኩዕሶ እግሪ ብዘይ ዓወት ዓለማዊ መድረኽ ዝተፋነወ ተጻወትቲ ኮይኑ።

ናይ መወዳእታ ሰታፊኡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ምዃና ኣቐዲሙ ዝሓበረ ሮናልዶ፡ ኣብ ካልኦት ውድድራት ንሃገሩ ወኪሉ ዝጻወት እንተ ኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ምስ ስድራ ቤተይ ተላዚበ ክውስን እየ" ክብል መሊሱ ኣሎ።

ኣጥቃዓይ እንግሊዝ ነበር ክሪስ ሳቶን ምስ ማዕከን ዜና በቢሲ ፋይፍ ንሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋልን ሮናልዶን ኣመልኪቱ ብቐጥታ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ "ፖርቱጋል ብሸሞዚ መንገዲ እናተጓዕዘት ዓወት ክተናዲ ክትሓስብ ከም ዘይብላ ገሊጹ። ንሱ ወሲኹ፡ "ሮናልዶ ከም ኣቡኣን ኣብ ሜዳ ይዕንድር ኣሎ። ስለዚ እያ ድማ ፖርቱጋል ካብ ጸወታ ወጺኢ ኮይና ዘላ። እዚ ድማ ብሸነኺ ውሳኔ ሮበርቶ ማርቲነዝ ዝሰዓበ እዩ" ብምባል፡ ሮናልዶ ንፖርቱጋል ብሕሉፍ ታሪኹ ጥራይ ጀሆ ሒዚዋ ምህላዉ ኣረጋጊኡ።

ኣሰልጣኒ ማርቲነዝ ድሕሪ ናይ መወዳእታ ፊሽካ ካብ መዘኑ ምስልጣን ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ከም ዝኣለ ብምጥቃስ፡ ንዘይ ተጸዓደትን ልዑል ምልከት ኩዕሶ ሮናልዶን ድማ ንኢዱ።

ወዲ 41 ዓመት ሓሙሽተ ግዜ ተዓዋቲ ባሎን ዲ ኦር፡ ሓሙሽተ ግዜ ተዓዋቲ ሻምፕዮንስ ሊግን ሻምፕዮን ዩሮ 2016ን ዝኾነ ሮናልዶ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሊጋትን ንሃገሩ ወኪሉን 976 ሸቶታት ብምምዝጋብ ክብረ ወሰን ዓለም ኣመዝጊቡ ይርከብ።



እዚ ይኹን እምበር እዚ ድንቂ ተጻዋታይ ምስቲ ከም ቀንዲ መተሃላልኽቱ ዝርአ ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል ሜሲ ዋንጫ ዓለም ክዕትር ዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ታሪኹ ከም ጸለም ነጥቢ ኮይኑ ክስዕድ ኣጉዲድዎ ይርከብ። ሮናልዶ ኣብ ዝተሳተፎ ሽዱሽተ ውድድራት ዋንጫ ዓለም 11 ሸቶታት ብምምዝጋብ ናይ ሃገሩ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ እዩ። ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ድማ ካብቲ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ዋንጫ ዓለም ዝኾነ ሊዮኔል መሲ ብትሸዓተ ሸቶታት ተበሊጹ ኣብ ማብል ታሸዓይ ደረጃ ይስራዕ።

ፖርቱጋል ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝለዓለ ደረጃ ዘመዝገበት ኣብ 2006 ናብ ፍርቂ ፍጻመ ኣብ ዝበጽሓትሉ ግዜ እዩ። ኣብቲ እዋን ድማ ሮናልዶ ናይ ፈለማ ውድድሩ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝተሳተፈላ እያ ነይራ።

# ዜና ዓለም

ሽዊት ተኽለ

## ኣብ መጻብቦ ሆርሙዝ መራኽብ ተሃሪመን

ኣብ ማያዊ መጻብቦ ሆርሙዝ፡ ኣብ ልዕሊ ክልተ ኑዳዲ ዝጽዕና መራኽብ መጥቃዕቲ ከም እተፈጸመ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ኣራዲ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኲናት ዳግማይ ክጅምር ከም ዝኽእል ብተደጋጋሚ ዝሰምዮ ዘሎ ምፍርራሕ ደው እንተ ዘይኣቢሉዎ፡ ድሕሪ ሕጂ ዝርርብ ሰላም ከም ዘይህሉ ኣብ እተጠንቀቐሉ ዘላ እዋን እዩ።

ሓንቲ ካብተን ኑዳዲ ዝጽዕናን ዋንነት ቀጠር ምዃና ዝተነገረላን መርከብ ትማሊ ለይቲ ከም ዝተሃርመት፡ ከም ሳዕቤኑ ድማ ክፍሊ ሞተራኣ ብቦርዕ ከም እተቓጸለ ተሓቢሩ።



ብዘይካ'ዚ፡ ምንጭታት ጸጥታ ባሕሪ ከም ዝሓበርዎ፡ ኑዳዲ ጽዒና ዝነበረት ካልእ መርከብ ሰዑዲ ዓረብ እውን መጥቃዕቲ ከም ዝበጽሓን ከፊላዊ ጉድኣት ከም ዝወረዳን ተገሊጹ።

ኑቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደሉ ኣካል እኳ እንተ ዘየሉ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣመሪካ 'ኣክሲዮስ' ግን፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ እተን ክልተ መራኽብ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ጸብጺቡ።

ይኹን'ምበር፡ ኣመሪካን ኢራንን ኑቲ ጸብጻብ ዝምልከት ቀጥታዊ ርእይቶ ኣይሃቡሉን ዘለዉ።

## ኮንጎ - ቍጽሪ ግዳያት ኢቦላ ልዕሊ 500 በጺሑ

ኣብ ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ተኸሲቱ ብዘሎ ለበዳ ኢቦላ፡ ቁጽሪ ናይ ዝሞቱ ሰባት ልዕሊ 500 ከም ዝበጽሐ፡ ሰብ መዚ ጥዕና ናይታ ሃገር ኣብ ዘውጽእዎ ሓድሽ ጸብጻብ ኣመልኪቶም።



ብመሰረት እቲ ጸብጻብ፡ ኣብታ ሃገር ብሰንኪ'ቲ ለበዳ 506 ሞት ክምዝገብ እንከሎ፡ 1,561 ሰባት ድማ በቲ ቫይረስ ተለኺፎም ኣለዉ።

ካብዚኣቶም እቶም 254 ልኽፉት ክሓወዩ እንከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ ድማ ኣብ ሆስፒታላት ተወሺቦም ይርከቡ።

እቲ ለበዳ ዛጊት ናብ ሓያለ ዞባታት ናይታ ሃገር ኣስፋሕፊሑ ከም ዘሎ፡ እቲ ጸብጻብ የመልክት።

ውድብ ጥዕና ዓለም ብወገኑ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ብሰንኪ'ቲ 'ቡንዲቡግዮ' ዝበሃል ዓይነት ቫይረስ ኢቦላ ንዝስዕብ ሕማም ክዓግት ዝኽእል ሕክምናታት ንምምርማር፡ ኣብ ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ሕመማት ናይ ምምዝጋብ ክሊኒካዊ ፈተነ ከም ዝጀመረ ኣፍሊጡ።

እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዛጊት ፍቓድ ዝረኸበ ክታበት ይኹን ፍሉይ ሕክምና ከም ዘየሎ እቲ ውድብ ኣረዲኡ።

## ሩስያ፡ ንዋዕላ ኔቶ ብቐረባ ትከታተሎ

ሩሲያ፡ ንወጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ኣንካራ - ቱርኪ ዝካየድ ዘሎ ዓመታዊ ዋዕላ ሃገራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ብቐረባ ክትከታተሎ ምዃና፡ ቤት ጽሕፈት ክረምሊን ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ ሓቢሩ።

መራሕቲ ኣባል ሃገራት ኔቶ፡ ትማሊን ሎሚን ኣኼባታት ከም ዘካይዱ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እዚ ድማ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኤውሮጳ ንመጠን ወጻኢታት ምክልኻል ናይቲ ኪዳን ክተዕቢ ጸቒጢ ኣብ ዝገብረሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝካየድ ዘሎ።

ትራምፕ፡ ብሰንኪ ኲናት ኢራንን ጉዳይ ግሪንላንድን ምስ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ምትፍናን ኣትዩ ከም ዝርከብ እዩ ዝሕበር።

ኣፈኛ ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እዚ ንዓና ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ፍጻመ'ዩ። ብርግጽ ካብ ኣንካራ ዝወጽእ ኩሉ ዜናን ሓበሬታን ክንከታተሎ ኢና፡" ኢሉ።



ቅድሚ እቲ ዋዕላ ብዛዕባ ሩሲያ ብዙሕ መግለጺታት ከም ዝተዋህበ ዝሓበረ'ቲ ኣፈኛ፡ "እቲ ዘሕዝን እቶም መግለጺታት ንሃናጺ ጽምዶን ዘተን ዘተባብዑ ዘይኮኑ፥ ምምጋቦው ዝፈጥሩ እዮም ነይሮም፡" ክብል ገሊጹ።

ትማሊ ሰኑይ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ'ቲ ዋዕላ ተረኺቡ ብዛዕባ ኲናት ዩክሬን ክዛረብ ምዃኑን፡ ፍታሕ ናይ'ቲ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመት ዝቐጸለ ግጭት ድማ ካብ'ቲ ሰባት ዝግምቱዎ ንላዕሊ ቀረባ ከም ዝኾነ ኣገንዚቡ።

እዚ ክምዚ'ሉ እንከሎ፡ መራሕቲ ኔቶ ቅድሚ ምስ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣኼባ ምኽያዶም፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ቱርኪ ብዋሰርተታት ቢልዮን ዶላር ዝግመት ስምምዓት ኣጽዋር ከም ዘካየዱ ተሓቢሩ።

እዚ ስምምዓት'ዚ ዝኸተም ዘሎ፡ ትራምፕ፡ ኤውሮጳ ኣብ ጸላት ምክልኻል እኹል ኣብርክቶ ከም ዘይገበረትን ካብ መጀመርታ ዓመታት ናይ ዝሓለፈ ኲናት ኣትሒዛ ብመገዲ ኔቶ ኣቢላ ኣብ እንግደዳ ኣመሪካ ተመርኲሳ ከም ዝጸንሐትን ብትሪ ክነቕፍ ድሕሪ ምጽንሑ እዩ።

## ቨንዙዌላ - ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቍጽሪ ይውስኽ

ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ቨንዙዌላ ብዘጋጠመ ማንታ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝሞቱ ሰባት 3,535 ከም ዝበጽሐ፡ ሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ገሊጾም።

ላዕለዋይ ኣባል ባይቶ ናይ'ታ ሃገር ጆርጅ ሮድሪገዝ፡ ድሕሪ እቲ ብ24 ሰ ዘጋጠመ 7.2ን 7.5ን ዝዓቐኑ ክልተ ተኸታታሊ ምንቅጥቃጣት፡ 16,740 ሰባት ከም ዝቖሰሉን 17,854 ካልኦት ድማ ብዘይ መጽለሊ ከም ዝተረፉን ሓቢሩ።

እዚ ሓድሽ ኣሃዛት፡ ንዓቕሚ ናይ'ቲ ኣብ ከተማ ካራካስን ኣብ'ታ ዝያዳ ዝተሃሰየት ኣብ ገምገም ባሕሪ እትርከብ ከተማ ላ ጓይራን ንዘጋጠመ ከቢድ ሓደጋ ዘጉልሕ ምዃኑ ተገሊጹ።



ብዘይካ'ዚ፡ መንግስቲ ኑቲ ሓደጋ ንምቕላስ ኣብ ዘርኣዮ ንጥፈታት ጉድለት ስለ ዝነበሮ፡ ብኡ ምኽንያት ቁጽሪ ግዳያት ኣዝዩ ከም ዝዓበየ፡ ህዝቢ ናይ'ታ ሃገር ቅሬታኡ የስምዕ ኣሎ።

ብውሕዱ 12,800 ዝተመዝገቡ ነበርቲ ኣብ መላእ ካራካስን ላ ጓይራን ኣብ ዝርከባ 80 ግዝያዊ መዕቆቢታት ከም ዝርከቡ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ሶርያ - ክልተ ቦምባታት ተፈንጂሩ

ኣብ ደማስቆ - ርእሲ ከተማ ሶርያ፡ ኣብ ጥቓ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን ኣዕሪፉሉ ዝነበረ ሆቴል ክልተ ቦምባታት ከም ዝተፈንጀረ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ማክሮን ግን ኑቲ ፍንጀራ ከም ዘይሰምዖ፡ በቲ ዝወጠኖ ግዜ መሰረት ድሕሪ'ቲ ፍንጀራ ትማሊ ሰሉስ ምስ ፕረዚደንት ሶርያ ኣሕመድ ኣልሻራ ከም ዝተራኸበን ገሊጹ።

ሰበ ስልጣን ሶርያ፡ በቲ ፍንጀራ 18 ሰባት ከም ዝቖሰሉ ድሕሪ ምሕባር፡ እቲ ፍጻመ ኣብ'ታ ሃገር ንዘሎ ቀጻሊ ጸጥታዊ ስግኣታት ዘጉልሕ ምዃኑ ኣረዲኦም።

ፕረዚደንት ኣልሻራ ኣብ 2024 ንፕረዚደንት ነበር ባሻር ኣል ኣሳድ ተኪኡ ናብ ስልጣን ካብ ዝድይብ ንደሓር፡ ካብ መራሕቲ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ፕረዚደንት ማክሮን እዩ ንፈለማ እዋን ናብ ሶርያ ዝበጽሐ ዘሎ።

እቲ ፍንጀራታት፡ ኣብ መንጎ ሚኒስትሪ ቱሪዝምን ሃገራዊ ቤተ መዘክርን ዝርከበሉ፡ ህዝቢ ብጾዕቂ ዝንቀሳቐሰሉ ከባቢ እዩ ኣጋጢሙ።

ማክሮን ብማሕበራዊ መራኸቢ ኤክስ ኣብ ዘመሓላለፎ ሓበሬታ፡ ዑደቱ ኣብ ሶርያ ብጽቡቕ ይቕጽል ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ሶርያውያን ኣብ ልኡላዊትን ውሕስትን ሶርያ ክነብሩ ንዘለዎም ድሌት ክዳኽሞ ዝኽእል ሓይሊ የለን" ክብል ገሊጹ።



መራሒ ግብረ ሽበራዊ ጉጅለ ምንባሩ ዝነገረሉ ኣልሻራ፡ ድሕሪ ልዕሊ 13 ዓመታት ዝወሰደ ኲናት ሕድሕድ ሶርያ ንስርዓት ኣሳድ ካብ ዝኣሊ ንደሓር፡ ምስ'ተን ንስርዓት ኣሳድ ዝቃወማ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይ ምብራቕን ጥቡቕ ርክብ ፈጢሩ ከምዝሎ'ኑ ንሶርያ ንምርግጋእ ድማ ኣብ ዳግመ ህንጻት ኣተኩሩ ይሰርሕ ምህላዉ'ዩ ዝነገረሉ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሲሸል | 8/7/26 | ጎደና ኖቕፋ ቁ.33 ጥቓእንዳ ኣልፋ | 120601 |
| ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | | | ቁ.ቴሌፎን 127565 |

Sabur Printing Services